**ADVICE RESOURCES**

# ስደተኛ ታትን ደለይቲ ዑቕባን

## መምርሒ ናይ ትምህርቲ፡ ስልጠናን ስራሕን



ንምኽርን ምንጪ ሓበሬታን ንምቕራብ ብ **RAGU** (**R**efugee **A**ssessment and **G**uidance **U**nit), London Metropolitan University ኣብ ታሕሳስ 2006 ተዳልዩ።.

መጨረሻ ምቕይያር ዝተገብረሉ ዕለት: መስከረም 2008

EUROPEAN UNION European Social Fund · Equal · EASI Empowering Asylum Seekers to Integrate · PRESTO · LONDON metropolitan university

The Empowering Asylum Seekers to Integrate (EASI) Development Partnership and the Partnership for Refugee Employment Through Support, Training and Online Learning (PRESTO) Development Partnership are part funded by the European Social Fund under the Equal Community Initiative Programme.

ADVICE RESOURCES

# ትሕዝቶ

## መምርሒ ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን




| | |
|---|---|
| ብዛዕባ እዚ መምርሒ | 3 |
| ኩነታት ኢሚግሬሽን፡ መሰላትን ዝግበእካ ነገራትን | 4 |
| ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዘኛ | 9 |
| ትምህርቲ | 13 |
| ስልጠና | 19 |
| ናይ ወለንተኛ ስራሕ | 21 |
| ተቖጺርካን ወይ ናይ ግሊ ስራሕ ምስራሕ | 24 |
| ካብ ወጻኢ ሃገር ዝተረኸበ ብቕዓትን ተመኩሮን ኣብ ግብሪ ምውዓል | 33 |
| ምርግጋጽ ብቕዓት | 36 |
| ጠቐምቲ ኣድራሻታት | 39 |
| ትርጉም ናይ ሓደስቲ ቓላት | 43 |


Produced for advice-resources by RAGU, London Metropolitan University, July 2006. Last updated: Sept. 2008.

ADVICE RESOURCES

# ብዛዕባ እዚ መምርሒ

# መምርሒ ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን



## እዚ መምርሒ እዚ ንመን የገልግል?

እዚ መምርሒ እዚ ንኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከቡ ንኣሽቱ ስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን (ካብ 16 ዓመት ንላዕሊ) ከገልግል ተባሂሉ ዝተዳለወ እዩ። ስለዝኾነ ብፍሉይ እንተዘይተገሊጹ፣ ንዕላማ እዚ መምርሒ እዚ ተባሂሉ ስደተኛ ክንብል ከለና እዚ ዝሰዕብ ትርጉም ይሀልዎ፣ ዝኾነ ከም ስደተኛ ተቐባልነት (Refugee Status) ዝረኸበ ሰብ፣ ወይ ንዘይተወሰነ ጊዜ ንኽጸንሕ ዝተፈቕደሉ (Indefinite Leave to Remain (ILR)) ሰብ፣ ወይ ብፉሉይ ጉዳይ ንኽጸንሕ ወይ ንኽኣቱ ዝተፈቕደሉ (Exceptional Leave to Remain (ELR) ወይ Enter (ELE)) ሰብ፣ ወይ ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበር ዑቕባ (Humanitarian Protection (HP)) ዘለዎ ሰብ፣ ወይ ድማ ናይ ምንባር ምርጫ (Discretionary Leave (DL)) ዘለዎ ሰብ ክኸውን ይኽእል። ብኻልእ ወገን ደላዩ ዑቕባ (asylum seeker) ዝበሃል ድማ ዝኾነ ናይ ዑቕባ ሕትኡ ወይ ናይ ዘመልከቶ ይግባኝ መልሲ ዝጽበ ዘሎ ሰብ ማለትና እዩ።

## እዚ መምርሒ እዚ እንታይ ኣርእስታት ይሽፍን?

እዚ መምርሒ እዚ ሓበሬታ ብዛዕባ ትምህርቲ፣ ስልጠና፣ ናይ ወለንተኛ ስራሕ፣ ተቖጺርካ ስራሕን ከምእውን ስድተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን ዝለዎም መሰላትን ዝግበኦም ነገራት ተወሳኺ ሓበሬታ የቕርብ። ሓበሬታ ከነቕርበሎም ኣብ ዘይንኽእል ኣርእስትታት ድማ፣ ናብ ሓበሬታ ክህቡ ዝኽእሉ ማሕበራት ወይ መርበብ ሓበሬታታት ዝሕብሩ ምልክታታት ተለጢፎም ይርከቡ።

## ነዚ መምርሒ እዚ ብኸመይ መንገዲ ክጥቀመሉ ይኽእል?

እዚ መምርሒ እዚ ብንጹር ኣብ ዝተፈላለየ ኣርእስትታት ንኣብነት ከም ትምህርቲ ወይ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ዝተኸፍለ ስለዝኾነ፣ ሙሉእ ትሕዝቶ ናይዚ መምርሒ ከተንብቦ ወይ ኣብ ዘገድሰካ ኣርእስትታት ኣተኲርካ ከተንብብ ትኽእል። ዘይተረዳአካ ቃል ወይ ኣበሃህላ ምስ ትረክብ፣ ኣብ ትርጉም ናይ ሓደስቲ ቃላት ዝብል ኣርእስቲ ክትውከስ ትኽእል። ብተወሳኺ፣ ኣብ መወዳእታ ናይዚ መምርሒ ሓበሬታ ናይ ጠቐምቲ ማሕበራት ተጠቒሱ ይርከብ።

## እዚ መምርሒ ብመን ይዳሎ?

ናይዚ መምርሒ ኣዳላዊ ኣብ London Metropolitan University (www.londonmet.ac.uk/ragu). ዝርከብ RAGU (Refugee Assessment and Guidance Unit) ዝበሃል ማሕበር እዩ። ከምኡ ድማ እዚ መምርሒ ናብ 9 ዝተፈላለዩ ናይ ስደተኛታት ቋንቋ ተዳልዩ ይርከብ። ብተወሳኺ ማሕበር RAGU ምስ ስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን ንዝሰርሑ ኣባላት ዝኸውን ናይ ምትሕግጋዝ መምርሒ መደብ ኣዳልዩ ኣሎ። ስለዝኾነ ድማ፣ ማሕበር RAGU ነዚ መምርሒ ብብእዋኑ ምምሕያሽ ይገብረሉ እዩ።

## ብኸመይ ርእይቶታተይ ከቕርብ ይኽእል?

ብዛዕባ እዚ ናይ ስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባ ዝኾነ ርእይቶ እንተለካ፣ ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኮ ትኽእል ኢኻ ca-advice-resources@lsc.gov.uk

www.advice-resources.co.uk

ADVICE RESOURCES

# ኩነታት ኢሚግሬሽን፥ መሰላትን ዝግበአካ ነገራትን

## መምርሒ ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን



### ናይ ኢምግሬሽን ኩነታተይ ንዘለውኒ መሰላትን ዝግብኡኒ ነገራት ብኸመይ መንገዲ ክጸልዎ ይኽእል?

ስደተኛ እንተደኣ ኮይንካ ልክዕ ከም እንግሊዛዊ ዜጋ ንመብዛሕቲኡ ኣገልግሎታት ናይ ምጥቃም መሰል ኣለካ። ሓደሓደ ኣገልግሎታት ናይ ምጥቃም መሰል ግን ኣብ ናይ መጸኒሒኻ ፍቓድ ወይ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝተቐመጥካሉ ጊዜ ብምርኣይ ዝውሰን ይኸውን። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ደላዩ ዑቕባ እንተደኣ ኮይንካ ግን፥ ዘለካ መሰልን ዝግበአካ ነገር ብፍላይ ኣብ ናይ ስራሕን ናይ ገንዘብን ሓገዝ ምርካብ ዕድልካ ድሩት እዩ።

እንተደኣ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ leave to remain (ንኽነብር ዝተፈቅደሉ) ወረቀትካ ዕለቱ እንተሓሊፍዎ (ንኣብነት፥ ክሳብ ወዲ 18 ዓመት ትኣክል ናይ DL ፍቃድ ተወሃቢካ እንተኔሩ'ሞ መዓልቱ እንተኣኺሉ) ከምኡ'ውን እዚ ፍቓድ ከይወደቐ ክናዋሓልካ እንተኣመልኪትካ፤ ውሳነ ክሳብ ዝወሃበካ እዚ ዘለካ ናይ leave to remain (ንኽነብር ዝተፈቅደሉ) ወረቐትካ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንኽትጸንሕ ከገልግለካ ይኽእል እዩ። ከምኡ'ውን ዘለካ መሰላትን ዝፈቐዱልካ ነገራት ምርካብ ክትቕጽል ኢኻ።

### ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

ደላዩ ዑቕባ እንተደኣ ኮይንካ ንሓገዝን ምኽርን ክትረክብ ንኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ሸውሸው ዝወሃብ ኣገልግሎት (One Stop Service) ክትውከስ ትኽእል። ነፍሲ ወከፍ ቤት ጽሕፈት One Stop Service ብዓበይቲ ከም፥ Refugee Council ዝኣመሰላ ወኪል ስደተኛታት ይምርሓ። ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት One Stop Service ኣየናይ ምዃኑ ንኽትፈልጥ ምስ ትደሊ አብ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክትውከስ ትኽእል። http://languages.refugeecouncil.org.uk/english/services.htm

ቤት ጽሕፈት One Stop Service ሓገዝን ናይ ንመንብሪ ገዛ ከተመልክት ከምኡ'ውን መስርሕ ዑቕባ ከመይ ከምዝኾነን ንሓገዝ ናበየናይ ማሕበር ክትኸይድ ከምትኽእል ኣብ ምሕባር ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ስደተኛ ምስ ትኸውን ድማ፥ እዚ ቤት ጽሕፈት One Stop Service ዝተፈላለዩ ጥቕምታት ክትረክብን ሓብሬታ ብዛዕባ ትምህርቲ፥ ስልጠናን ስራሕ ከቕርበልካ ይኽእል። ኣብ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ብዛዕባ ዘለካ መሰልን ዝግበኣካ ነገር ብ 20 ቋንቋታት ዝተዳለው ጠቓምቲ ሓበሬታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። http://languages.refugeecouncil.org.uk

www.advice-resources.co.uk

## ትምህርቲ ብዝምልከት እንታይ ዝግበአኒ ነገር አሎ?

ኩሎም ውላድ ደለይቲ ዑቕባን ስደተኛታት ነጻ ትምህርቲ ናይ ምርካብ መሰል አለዎም። ረድኤት ወይ ካብ NASS ሓገዝ ትቕበል እንተኾንካ፡ ውላድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ነጻ መግቢ ክረክብ መሰል አለዎ። ብተወሳኺ'ውን ንክዳን ቤት ትምህርትን ንናይ መጎዓዝያ ወጻኢ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ንቤት ትምህርቲ ከተዘራርብ ትኽእል ኢኻ። ኩሎም ኣብ ክሊ ዕድመ 3 ን 4 ዓመት ዝርከቡ ህጻናት ብናጻ ናብ መዋእለ ህጻናት፡ መጻወቲ ህጻናትን ቤት ትምህርቲ ክኣትዉ መሰል አለዎም። ቤት ጽሕፈት ረፍዩጂ ካውንስል ንቆልዑ ሰደተኛታት ተባሂሉ ዝዳለዎ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣለዎ።
http://languages.refugeecouncil.org.uk/pdf/English/Schools_English.pdf

**ናይ መእተዊ ረቛሒ ዘማልኡን ገንዘብ ክኸፍሉ ዝኽእሉ ኩሎም ደለይቲ ዑቕባን ስደተኛታት አብ ዝኾነ ደረጃ ዝደለይዎ ትምህርቲ ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም።** ክንደይ ክትከፍል ከምዘለካን እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከምዝግበኣካ ዝውሰኖ ድማ፡ ኩነታት ኢምግሬሽንካን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክንደይ ዓመት ተቐሚጥካን ብምምዛዛን ይኸውን።

## ስልጠና ብዝምልከት እንታይ ዝግበኣኒ ነገር አሎ?

**ኩነታት ኢምግሬሽንካ** መሰረት ብምግባር ናይ ሙያ ትምህርቲ ክትመሃር መሰል ኣለካ። ስደተኛታት ኣብ ናይ **መንግስታዊ መደብ ስልጠና ከም** Work Based Learning for Adults ዝኣመሰሉ መደባት ክሳተፉ ዕድል ኣለዎም። **ደላዩ ዑቕባ** እንተኮንካ ግን፡ ዋላ ናይ ስራሕ ፍቓድ ይሃልኻ ኣብዚ መደብ ክትሳተፍ አይትኽእል ኢኻ። ናይ ስራሕ ፈቓድ ዘለዎ ደላይ ዑቕባ እንተ ኾንካ ብኣስራሒ ዝወሃብ ናይ ሙያ ትምህርቲ ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ።

## ተቖጺረ ወይ ናይ ባዕለይ ስራሕ ክሰርሕ ይኽእል'ዶ?

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ **ስደተኛታት** ልክዕ ከም ካልኦት ሰራሕተኛታት ብማዕረ **ክሰርሑ ይኽእሉ** እዮም። እዚ ከኣ እንተወሓደ እቲ ውሑድ ዝኽፈል ክፍሊት (minimum wage) ክኽፈሉ ይግባእ። እዚ ውሑድ ዝኽፈል ክፍሊት ዝበሃል ብመንግስቲ ዝተአወጀ ኮይኑ ዳርጋ ንኹሎም አብ ክሊ ዕድመ ምውዳእ ግቡእ ትምህርቲ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ዘለዎም ሕጋዊ መሰል እዩ። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኻ ናብ ሃገራዊ ናይ ውሑድ ዝኽፈል ክፍሊት ናይ ሓገዝ መስመር ብስ.ቑ 0845 6000 678 ክትድውል ወይ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.hmrc.gov.uk/nmw ክትርአይ ትኽእል።

**ደላዩ ዑቕባ** እንተኾንካ ግን፡ ናይ ስራሕ ፍቓድ (permission to work) እንተዘይብልካ **ተቖጺርካ ክትሰርሕ** ኣይትኽእልን ኢኻ። እዚ ኸአ ናይ ባዕልኻ ምስራሕ'ውን የጠቓልል። **ንዝቕረብካዮ ናይ ዑቕባ ሕቶ መልሲ ክትጽበ ልዕሊ 12 ወርሒ** እንተጌርካ፡ ንቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት (Home Office) **ናይ ስራሕ ፍቓድ** ክህቡኻ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ይግባኝ ትሓትት እንተሃሊኻ'ውን ናይ መጀመሪያ መልሲ ክትጽበ ልዕሊ 12 ወርሒ እንተነይሩ፡ ነዚ ናይ ስራሕ ፍቓድ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ናይ ስራሕ ፍቓድ ከተመልክት ናብዚ ዝጽሕፍ አድራሻ ክትጽሕፍ ትኽእል፡ Asylum Casework Directorate, Lunar House, 40 Wellesley Road, Croydon, CR9 2BY. ናይ Home Office መለለዪ ቁጽርኻ ክጸሓፍ ይግባእ።

ክትሰርሕ ፍቓድ እንተ ተዋሂብካ፡ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ውሳኔ ክሳብ ትረክብ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። እዚ ኸአ ኣብ ናይ ማመልከቻ ምዝገባ ካርድኻ (Application Registration Card (ARC)) ክትሰርሕ ከምተፈቕደልካ ምልክት ክግበረሉ እዩ። **ንናይ ስራሕ ፍቓድ ከተመልክት** እንተደሊኻ ባዕልኻ **ጥራሕ ኢኻ ከተመልክት** ትኽእል። ንኣብነት ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ብስም ናይ ብጸይትኻ ወይ ስድራኻ እንተኾይኑ፡ ናይ ስራሕ ፍቓድ ከተመልክት አይትኽእልን ኢኻ።

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ብሕጊ ዕዮ መሰረት መሰሎም ዝተሓለወ እዩ፡ እዚ ኸኣ ብጾታ ወይ ዘርኢ ዝግበር ምፍልላይ፡ ተዓጻጻፊ ኣሰራርሓን ናይ ወለዲ መሰል ዝኣመሰሉ ዘጠቓልል እዩ። ብዛዕባ እዚ ኣብዞም ዝስዕቡ መርበብ ሓበሬታታት ዝበለጸ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

- www.berr.gov.uk/whatwedo/employment/
- www.direct.gov.uk/en/Employment/index.htm

- www.adviceguide.org.uk/employment

ቑጽሪ ሃገራዊ መድሕን ውሕስነት National Insurance number (NINO) ንዓኻ ንምፍላይን ዘገልግል ፍሉይ ቑጽሪ ኮይኑ፡ ንበነፊታትን ኣስራሕትን ከም መፍለዪ የገልግል። መብዛሕትኦም ስደተኛታት ንኹነታቶም ዝገልጽ ካብ Home Office ደብዳቤ ክቕበሉ ከለዉ እዚ ናይ NINO ቑጽሪ ይቕበሉ። እዚ ናይ NINO ቑጽሪ እንተዘይብልካ፡ ብስ.ቑ 0845 6000643 ብምድዋል ክትሓትት ይግባእ። ምስ ማእከል ስራሕ (Jobcentre) ቃለ መጠይቕ ክህልወካ እዩ። ናብዚ ቃለ መጠይቕ መንነትን ትነብረሉ አድራሻ ሒዝካ ክትከይድ ይግባእ።

## ናይ ወለንተኛ ስራሕ ክሰርሕ ይኽእል'ዶ?

ናይ ወለንተኛ ስራሕ ማለት ምስ ናይ ወለንተኛ ወይ ግብረ ሰናይ ማሕበራት ከይተኸፈልካ,ምሕጋዝ ማለት እዩ። ስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባ ናይ ወለልንተኛ ስራሕ ክሰርሑ ይኽእሉ እዮም። ናይ ስራሕ ፍቓድ ኣየድልይን እዩ። ናይ Home Office ዶክመንትኻ ክትሰርሕ አይፍቐደሉን ይብል እኳ እንተኾነ ናይ ወለልንተኛ ስራሕ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ።

ኩሎም ናይ ወለልንተኛ ስራሕ ዝሰርሑ ንጉዕዞን ንመግብን ዘውጽእዎ ወጻኢ ክኽፈሎም ይግባእ። ናይ ደላዩ ዑቕባ ሓገዝ ወይ በነፊት ትቕበል እንተደኣ ኮንይካ፡ ናይ ዘውጻእካዮ ወጻኢ ልክዕ መጠን ክትወስድ ይግባእ። በነፊት ዝቕበል ስደተኛ እንተደኣ ኮንካ ከምዝደለኻዮ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ፡ እንተኾነ ግን ምስ ስራሕካ ወይ ምድላይ ስራሕካ ከሰናኽለካ የብሉን። ዘይተደለየ ዘይምርድዳእ ከይፍጠር ድማ ነዚ ተበርክቶ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ዝምልከት ምስ ቤት ጽሕፈት ማእከል ስራሕ ከተዘራረብ ይግባእ።

## ረድኤት ወይ ናይ ዑቕባ ድጋፍ ክረክብ ይግባኣኒ ድዩ?

መብዛሕትኦም ደለይቲ ዑቕባ ካብ ሃገራዊ አገልግሎት ሓገዝ ዑቕባ (**NASS**)□ ሓገዝ ክረኽቡ ይግብኦም እዩ። እዚ ሓገዝ እዚ ናይ መንበሪ ገዛን ገንዘብን ወይ መንበሪ እንተሃልዩካ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዘጠቓልል እዩ። ናይ ዑቕባ ሕቶኻ እንተ ተነጺጉን ይግባኝ ኢልካ እንተወዲእካ እሞ ንዓድኻ ክትምለስ እንተዘይከኢልካ፡ ንናይ NASS ናይ Section 4 ወይ 'hard cases' 'ከበድቲ ጉዳያት' ዝበሃል ዓይነት ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል። ብዝበለጸ ካብ ናይ ከባቢኻ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት One Stop Service ናይ ምኽሪ ሓገዝ ክትረኽብ ይግባእ። ኣብ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓገዝ ስደተኛታት ብ 20 ቋንቋታት ዝተዳለዉ ጠቓምቲ ሓበሬታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። http://languages.refugeecouncil.org.uk

ስደተኛታታት ረድኤት ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። ናይ ዑቕባ ሕቶኻ አውንታዊ መልሲ እንተረኺብካ ካብ ቤ/ጽሕፈት NASS ትረኽቦ ሓገዝ ኣብ ውሽጢ 28 መዓልታት ይቛረጽ። በነፊት ክትረክብ ብዝቕልጠፈ ጊዜ ከተመልክት ይግባእ። በነፊት ክትሓትት እንተደሊኻ ናብ ናይ ከባቢኻ ቤ/ጽሕፈት ማእከል ስራሕ ክትከይድ አለካ። ናይ ከባቢኻ ቤ/ጽሕፈት አድራሻ እንተደሊኻ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.jobcentreplus.gov.uk ወይ ኣብ ቤ/ጽሕፈት One Stop Service ክትውከስ ትኽእል።

**RIES (Refugee Integration and Employment Services (ኣገልግሎት ምውህሃድን ሽቕለትን ስደተኛታት)):** እዚ **RIES** ዝበሃል ማሕበር ኣብ ጥቕምቲ 2008 ዝጅምር ሓዲሽ ኣገልግሎት እዩ። ገለ ካብ ናይ RIES ሓደሽቲ ኣገልግሎታት እዞም ዝስዕቡ ክጥቀሱ ይከኣል፡ ዝተላለዩ ሓበሬታት ብዛዕባ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዘኛ፡ ትምህርቲ ወይ ስልጠና፡ ምኽሪ ብዛዕባ ኣባይቲን ስራሕን የጠቃልል። እዚ ናይ ኣገልግሎታት ብቤት ጽሕፈት ረፍዩጂ ካውንስል፡ ረፍዩጂ ኣክሽን፡ Scottish Refugee Council Welsh Refugee Council ከምእውን North England Refugee Service (NERS). ዝኣመሰሉ ማሕበራት ይወሃብ። እዞም ፕሮግራም እዚኦም ስደተኛታት ናይ መንበሪ ፍቓድ ምስ ተወሃቦም ጀሚሩ ዘሎ ናይ መጀመርያ ዓመት ዝተፈላለዩ ምኽርታት ሓገዛት የቕርብ። እንተኾነ ግና እዚ ኣገልግሎት'ዚ ንጸናሕቲ ስደተኛታት ወይ ድማ ብ Case Resolution Programme (ፕሮግራም ምፍታሕ ጉዳይ) ዝተፈቕደሎም ስደተኛታት ኣይወሃብን እዩ። ካብ ጥቕምቲ ጀሚሩ ብ New Asylum Model (NAM) (ሞዴል ናይ ሓዲሽ ዑቕባ) ወይ ድማ ብሰብኣዊ ከለላ ፍቃድ ዝተወሃቦም ደለይቲ ዑቕባ ጥራሕ ነዚ ኣገልግሎት ክረኽቡ ይፍቀደሎም። ናይ RIES መርበብ ሓበሬታ፡ www.ukba.homeoffice.gov.uk/aboutus/workingwithus/workingwithasylum/integration/ries/

ካብ 11th ሰነ 2007 ጀሚሩ ናይ ስደተኛ ወረቀት ወይ ድማ ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ዑቕባ እንተ ተወሂቡካ (ከምእውን ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ እንተኾንካ)፡ ናይ **Refugee Integration Loan (ለቓሕ ንምጥያስ ስደተኛታት)** ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። እዚ ዓይነት ለቓሕ ድማ ካብ ወለድ ነጻ ዝኾነ ኮይኑ፡ ብፍላይ ንትምህርቲ፡ ስራሕን መንበሪ ገዛ ኣብ ዝምልከቱ ነገራት ብቅልጡፍ ክትወሃሃድ ይሕግዝ። ከምኡ'ውን ንዘድለየካ ስልጠና ወይ ዝለካ ብቕዓት ንምርግጋጽ ወይ ናይ መንበር ገዛ ኣብ ትካረየሉ እዋን ንትሕጃ መትሓዚ ዝኸውን ናይ ገንዘብ ሓገዝ እዩ። ምስቲ ናይ ዑቕባ ኣዎንታዊ ውሳኔ ዝገልጽ ደብዳቤ ብሓባር ናይ ስደተኛታት ናይ ምውህሃድ መመልከቲ ዝኸውን ፎርም ሓቢሩ ክለኣኸልካ እዩ፡ ከምእውን ነዚ መመልከቲ ካብ እዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። [www.ind.homeoffice.gov.uk/lawandpolicy/](http://www.ind.homeoffice.gov.uk/lawandpolicy/)

## መንበሪ ገዛ ክረክብ ይግበኣኒ ድዩ?

ብ **NASS** ዝሕገዝ ደላዩ ዑቕባ እንተኾንካ፡ መንበሪ ገዛ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ ምስ ብጾትካ ወይ ኣዝማድካ ክትቕመጥ ትኽእል ኢኻ። ናይ NASS ሓገዝ ተደሊ እንተኾንካ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣበይ ከምትነብር ክትመርጽ ኣይትኽእል ኢኻ።

ዝኾነ ስደተኛ መንበሪ ገዛ ክረክብ ምስዝደሊ ናብ ናይ **ከባቢ ባዓል ስልጣን ኣባይቲ ከመልክት** ይኽእል። ካልእ ኣማራጺታት ከም ናይ ግሊ ወነንቲ ገዛን ምዝጉባት ወነንቲ ገዛ ከመልክት ይኽእል። ዝኾነ ውሳኔ ቅድሚ ምውሳድካ፡ **ከተማኽር ይግባእ።** ንሓበሬታ ብዛዕባ መንበር ገዛ ን Shelter ተወከስ። ናይ Shelter's ናይ ስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባ መምርሒ ኣብ ዝስዕብ ኣድራሻ ክረተረክብ ትኽእል ኢኻ፡ [http://england.shelter.org.uk/shop/publications/adviser_tools/housing_guides/asylum_seekers_and_refugees](http://england.shelter.org.uk/shop/publications/adviser_tools/housing_guides/asylum_seekers_and_refugees)

## ነጻ ክንክን ጥዕና ክረክብ እኽእል'ዶ?

ኣሰራርሓ ክንክን ጥዕና NHS (ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና) ተባሂሉ ይጽዋዕ። **ስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባ** ነጻ ክንክን ጥዕና ይረኽቡ። ብዛዕባ NHS ክርፈልጥ እንተደሊኻ፡ ብልዕሊ 40 ቋንቋታ ተዳልዩ ዘሎ በራሪ ጽሑፍ ከተንብብ ትኽእል። ናብ መርበብ ሓበሬታ ክፍሊ ጥዕና [www.dh.gov.uk](http://www.dh.gov.uk) ብምኻድ ኣብ ናይ መድለዩ ሳጹን እዚ ዝስዕብ ጸሓፍ 'Introduction to the National Health Service' ።

**NHS Direct** ዝበሃል፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝን ዌልስን ዝርከቡ ሰባት ሚስጥራዊ ዝኾነ ናይ ጥዕና ምኽርን ሓበሬታን ዘቕርብ **24 ሰዓት ብቴሌፎን ዝወሃብ ኣገልግሎት** እዩ። ኣብ ትሓመሉ እዋን ወይ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ሆስፒታል ወይ GP ኣድራሻ ምስ ትደሊ ናብ NHS Direct ፡ ብቑጽሪ ስልኪ **0845 46 47** ክትድውል ትኽእል። ኣተርጓሚ እንተደሊኻ ነቲ ትዛረቦ ቋንቋ ብእንግሊዝ ክትነግሮም ይግባእ።

ብ 11.04.08፡ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዳኛ ኩሎም ሕቶኦም ዝተነጸገ ሓተትቲ ዑቕባ ክንክን ጥዕና ክረኽቡ ከምዘለዎም ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ።

## ሕጋዊ ምኽሪ ክረክብ ይኽእል'ዶ?

ሓደሓደ ውሳኔታት ቅድሚ ምውሳድካ ወይ ቅጺ ምምላእካ፡ ሕጋዊ ምኽሪ ክትሓትት ኣገዳሲ እዩ። እዚ ኸኣ ኣብ ንዑቕባ ኣብ ተመልክትሉ እዋን፡ ንኣሉታዊ ውሳኔ ይግባኝ ኣብ ትብልሉ እዋን፡ ኣብ ናይ ምጽናሕ ፍቓድ ኣብ ተመልክትሉ እዋን ወይ ንምትእኽኻብ ስድራቤት ኣብ ተመልክትሉ እዋን ክኸውን ይኽእል። ንቤ/ጽሕፈት One Stop Service ክተዘራርብ ትኽእል ወይ ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ መወዳእታ እዚ ጽሑፍ ተዘርዚሮም ዘለዎ ማሕበራት ክትውከስ ትኽእል።

ብዛዕባ 'ብኸመይ መንገዲ ናይ ዑቕባ ምኽሪ ክትረክብ ከም ትኽእል' ኣብ www.advicenow.org.uk/asylumadvice መርበብ ሓበሬታ ክተንብብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.multikulti.org.uk ብዝተፈላለየ ናይ ስደተኛታት ቋንቋ ተዳልዩ ይርከብ፡

ኣብናይ Asylum Aid Refugee Women's Resource Project ብ ዓዲ እንግሊዝ ንዝርከባ ደቀንስትዮ ደለይቲ ዑቕባ ዝኸውን ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ አዳልዩ ይርከብ። እዚ ጽሑፍ ድማ ኣብ ዝሰዕብ መርበብ ሓበሬታ ብዝተፈላለየ ናይ ስደተኛታት ቋንቋ ተተርጉሙ ይርከብ፤ www.asylumaid.org.uk

## ኣማኻሪ ብኸመይ መንገዲ ክረክብ እኽእል?

ኣብ መብዛሕትኡ እዋን ሓበሬታ ክትረክብን ውሳኔ ክትውስንን ተወሳኺ ሓበሬታ የድልየካ እዩ። እዚ አገልግሎት እዚ ኸኣ IAG (ሓበሬታ፡ምኽሪን መምርሒን) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብፍላይ ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን ናይ IAG ኣገልግሎት ዝህባ ብዙሓት ማሕበራት ይርከባ። ሓደ ካብዘን ማሕበራት One Stop Service ቤ/ጽሕፈት ኮይኑ፡ ናብ ካልኦት ማሕበራት ክመርሓካ'ውን ይኽእል።

ስደተኛታታትን ደለይቲ ዑቕባን ካብ learndirect (ብቐጥታ ተመሃር) ዝበሃል ማሕበር ነጻ ናይ ስራሕ ምኽርን መምርሕን ክረኽቡ ይኽእሉ። ምኽሪ ክትረኽበሎ ትኽእል መንገዲታት፡

- **ብኢንተርነት ኣብ**: www.learndirect-advice.co.uk
- **ብቴሌፎን፤** 0800 100 900. ዝተፈላለየ ቋንቋ ዝዛረቡ (ከም ፈረንሳየኛ፡ ፋርሲ፡ ሶማልያን ኡርዱ) ኣማኸርቲ አለዉ።
- **ብኢመይል፡** http://careersadvice.direct.gov.uk/contactus/

**Nextstep** ዝበሃል ማሕበር ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከቡ ዕድሚኦም ካብ 20 ዓመት ንላዕሊ ዝኾኑ ሰባት ነጻ ናይ ትምህርትን ስራሕን ምኽሪ አገልግሎት ይህብ። ኣብ ከባቢኻ ዝረከብ ቤ/ጽሕፈት nextstep ክትረክብ ኣብ መርበብ ሓበሬታ http://nextstep.lsc.gov.uk ክትርእዩ ትኽእል።

**Connexions** ዝበሃል ማሕበር ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከቡ ምስ ኣብ ክሊ ዕድመ **13-19 ዓመት** ዝረከቡ ሰባት ብሓባር ይሰርሕ። ኣብ ከባቢኻ ዝረከብ ቤ/ጽሕፈት **Connexions** ክትረክብ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.connexions-direct.com ክትርእዩ ትኽእል።

ADVICE RESOURCES

# ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዘኛ

## መምርሒ ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን



### ቋንቋ እንግሊዘኛ ንምታይ እመሃሮ?

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ትነብረሉ እዋን፡ ናይዚ ዓዲ ቋንቋ ምዝራብ ክትክእል ጠቓሚ እዩ። ናይ ትነብረሉ ቦታ ቋንቋ ምኽኣል፡ ብቐሊሉ ኣካል ናይቲ ሕብረተሰብ ክትከውን፡ ብጾት ከተጥሪን ከምእውን ስራሕ ኣብ ትደልየሉ ክሕግዘካ ይኽእል። ኣብዚ እዋን ናይ ዓዲ እንግሊዝ ዜግነት ዘመልክቱ ስደተኛታት፡ ክእለት ቋንቋ እንግሊዘኛኦም ESOL Entry Level 3 ክኸውን ኣለዎ። ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ እንግሊዘኛ ምምሃር፡ ንኣበሃህላ ናይ ቃላትን ዝተለመዱ ኣዘራርባታት ክትፈልጥ ይሕግዘካ እዩ።

### ናይ ESOL ትምህርታታት ዝበሃሉ እንታይ ኢዮም?

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ናይ ቋንቋ ኢንግሊዘኛ ትምህርትታት ይርከቡ። መብዛሕትኦም ናይ ESOL (ንኻልእ ቋንቋ ተዛረብቲ ዝውሃብ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዘኛ) ትምህርቲ እዮም። እዚ ናይ ESOL ትምህርቲ ንኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃ ዝርከቡ ተመሃሮ ዝዓለመ እዩ። ናይ መእተዊ ደረጃ (Entry level) ዝበሃል እቲ ዝተሓተ ደረጃ ትምህርቲ ኮይኑ፡ ኣብ 3 ንኡስ ደረጃ ይኽፈል። እዞም ደረጃታት ከኣ መእተዊ ቁ.1፡ መእተዊ ቁ.2፡ መእተዊ ቁ.3፡ ይበሃሉ። ቋንቋ እንግሊዘኛ ንመጀመሪያ ትመሃር እንተሃሊኻ ኣብ ደረጃ መእተዊ ቁ.1 ትጅምር። እዚ መእተዊ ትምህርቲ ማስ ትረወደኣ ድማ ናብ ደረጃ 1 ን ደረጃ 2 ይቕጽል። እዞም 5 ደረጃታት ናይ ESOL ኩሎም ንህይወትካ ብምልኡ ዝገልግሉ ክእለታት (Skills for Life) እዮም። እዚ Skills for Life ዝበሃል፡ ንትምህርቲ ናይ ቁጽሪ ትምህርቲን ናይ ESOL ትምህርቲ ንምምሕያሽ ተባሂሉ ብመንግስቲ ዝተወጠነ መደብ እዩ።

### ቋንቋ እንግሊዘኛ ኣበይ ክመሃር ይኽእል?

**ኣብ ኮሌጃት**

ኣብ ኮሌጃት ምምሃር እዞም ዝስዕቡ ጥቕምታት ኣለዎ፤

- ብርክት ዝበለ ናይ ትምህርትታት ምርጫ ክትረክብ ትኽእል
- ብርክት ዝበሉ ሰባት ክትረክብ ትኽእል
- ናይ ኮምፕዩተርን ቤተ መጻሕፍቲ ናይ ምጥቃም ብቐሊሉ ዕድል ክትረክብ ትኽእል
- ናይ ኣገልግሎታት ተመሃሮ (Student Services) ምኽሪ ብቐሊሉ ክትረክብ ትኽእል

**ኣብ ናይ ስደተኛታት ማሕበራት**

ሓደሓደ ናይ ስደተኛታት ማሕበራት ናይ ESOL ትምህርቲ ይህባ እየን። ሓደሓደ ካብዘን ማሕበራት RCOs (ማሕበረኮም ስደተኛታት) ክኾና ይኽእላ፡ እዚ ማለት ከኣ፡ ካብ ሓደ ሃገር ወይ ኣከባቢ ዝመጹ ስደተኛታት ኣገልግሎት ዝህባ ማለት እዩ። ካል ኦት ማሕበራት ግን ብጠቕላላ ንኹሉ ስደተኛ ዘገልግላ እየን። ኣብዘን ማህበራት ምምሃር እዞም ዝስዕቡ ጥቕምታት ኣለዎ

- ምስ ስደተኛታት ምስራሕ ልምዲ ምስ ዘለዎም ሰባት ስለዝኾነ ዝበለጸ ተእማንነት ይህልዎ
- ናይ ኪኢላ ምኽሪ ናይ ምርካብ ዕድል ክረክብ ይከኣል

www.advice-resources.co.uk

Produced for advice-resources by RAGU, London Metropolitan University, July 2006. Last updated: Sept. 2008.

**ኣብ ናይ ብሕቲ ናይ ቋንቋ እንግሊዘኛ ኣብያተ ትምህርትታት**
ሓደሓደ ናይ ብሕቲ ኣብያተ ትምህርቲ ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን ብነጻ ናይ ቋንቋ እንግሊዘኛ ትምህርቲ ይህባ እየን። እዘን ኣብያተ ትምህርትታት ካብ ሙሉእ መሳለጥያ ዘለወንን ዝተፈለለየ ትምህርቲ ዝህባ ዓበይቲ ኣብያተ ትምህብትታት ዝተፈልያ እየን። ስለዚ ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማርካ፡ እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ደረጃኻ ምዃኑ አቐድሚካ ከተረጋግጽ ናብዘን ትምህርትታት ምብጻሕ እንተገበርካ ይምረጽ።

**ኣብ ኢንተርነት**
ንኹሉ ደረጃ ቋንቋ እንግሊዝ ዝኸውን ብርክት ዝበሉ ምንጭታትን ነጻ ትምህርትታት አብ ኢንተርነት ክረኩብ ይከአል። ናይዚ ዓይነት ትምህርቲ ቀንዲ ብልጫ አብ ዝጥዕመካ ጊዜን ቦታን ኮንካ ክትመሃር ትኽእል። ሓደሓደ ኣገዳስቲ መርበብ ሓበሬታታት ካብዚ ንታሕቲ ተተቂሶም ይርከቡ፤

- www.bbc.co.uk/skillswise
- www.bbc.co.uk/worldservice/learningenglish
- www.learnenglish.org.uk
- http://a4esl.org/
- www.uefap.com

ኣብ ዝኾነ ቤተ መጻሕፍቲን ክፍት ማእከል ICT ኢንተርነት ክትጥቀም ትኽእል። እዚኤን ማእከላት ድማ ኣብ ዝኾነ ሰፍራ ከም አብ ማእከል ትምህርቲ ንዓበይቲ ወይ ኣብ ማእከል ማሕበረኮማት ክትረኽበን ትኽእል። ማእከል UK Online ን learndirect ክልተ ካብተን ዝዓበያ ማእከላት ICT እየን። ሓደሓደ ማእከላት ክልቲኡ ዘጣመራ ኽኾና ይኽእላ።

**ማእከላት UK Online** ዝድልየካ ናይ ICT መሳለጥያን ሓገዝ ኣብ ምጥቃም ኮምፕዩተርን ኢንተርነት የቕርብ። እዞም ዝስዕቡ ክትገብር ትኽእል፡

- ኮምፕዩተር ክትጥቀም
- ኢመይል
- ኢንተርነት ክትጥቀም
- ሕጽእር ናይ 'መፈተንታ' ትምህርቲ ክትወስድ ትኽእል

ኣድራሻ ናይ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ማእከል UK Online ክትፈልጥ እንተደሊኻ፡ ንናይ ከባቢ ቤት መጽሓፍቲ ክትሓትት፡ ወይ ብስ.ቁ 0800 77 1234 ክትድውል ወይ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.ukonlinecentres.com ክትርእዩ ትኽእል። ሓደሓደ ማእከላት ካልእ ቋንቋታት ይምህራ ስለዝኾና፡ ብዛዕባ እዚ ንናይ ከባቢኻ ማእከል ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

**ማእከላት learndirect** ኮምፕዩተር ናይ ምጥቃም ዕድልን ቋንቋ እንግሊዝ ደሚርካ ብዙሕ ዓይነት ትምህርቲ የቕርባ። ዝቐረበ ማእከል learndirect ክትፈልጥ እንተደሊኻ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.learndirect.co.uk ክትርእዩ ትኽእል። ማእከል learndirect ዝተፈላለዩ ትምህርትታት የበርክት፡ ከምእውን ክእለትካ ብምግምጋም ኣብ ደረጃኻ ንኽትመሃር ይተሓባበር። ቀንዲ ናይ ESOL ትምህርቲ ELLIS ተባሂሉ ይጽዋዕ፡ ከምእውን ብዝተፈላለየ ቋንቋ ተወሳኺ ሓገዝ የቕርብ። ከምኡ'ውን ማእከል learndirect ቋንቋ እንግሊዘኛ ምንም ንዘይፈልጡ 'መፋለጢ ቋንቋ እንግሊዘኛ' ትምህርቲ የቕርብ።

## ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዘኛ ብኸመይ ክረክብ ይኽእል?

ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዘኛ ንኽትረክብ፡

- ኣብ One Stop Service ዝርከብ ኣማኻሪ ወይ ወኪል ስደተኛ ኣዘረርብ
- ናብ ናይ ከባቢ ኮሌጅ ብምኻድ ብዛዕባ ዝህብዎም ዓይነት ትምህርቲ ኣዘራርብ

- ናብ ናይ ስራሕ ኣማኸሪ ብቁጽሪ ስልኪ 0800 100 900 ክትድውል ወይ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.direct.gov.uk/careersadvice ክትርእይ ትኽእል

ደረጃኻ ንምፍላጥ ቅድሚ ናይ እንግሊዝ ትምህርቲ ምጅማርካ ፈተና ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። እንተሓሊፍካ ናይ ዝቅጽል ደረጃ ትሰጋገር። ቦታ እንተዘየለ ድማ ኣብ መዝገብ ተጸባዪ ትሰራዕ።

## ከመይ ገይረ ክምዝገብ ይኽእል?

ክትምዝገብ ከሎኻ ኩነታት ኢምግሬሽንካ ንምርግጋጽ ደክመንትታት ክትሒተት ትኽእል። እዚ ኸኣ ደብዳበ ካብ Home Office ከተምጽእ ወይ ARC ክኸውን ይኽእል። ናይ ውቅባ ደገፍ ወይ በነፃት ትቕበል እንተኾይንካ መረጋገጺ ከተቕርብ ኣለካ።

## እዚ ትምህርቲ ክንደይ ገንዘብ ይውድእ?

ካብ 2007/08 ጀሚሩ ኩሎም ስራሕ ዘይብሎም ወይ ብመሰረት ዝቕበሉዎ ወርሓዊ ደመዘ በነፃት ዝቕበሉ ስደተኛታት ነጻ ናይ ESOL ትምህርቲ ከወሃቦም ክቕጽል እዩ።

እንተኾነ ግን፡ ደላዩ ውቅባ እንተድኣ ኮይንካ ናይ ውቅባ ሕቶ ካብ ዘቕረብካሉ ዕለት ጀሚሩ ንሽዱሽተ ወርሒ ዝኸውን ጥራሕ ኢኻ ናጻ ናይ ESOL ትምህርቲ ክትመሃር መሰል ዘለካ። ከምኡ'ውን ንሕቶ ውቅባኻ ይግባኝ ወይ ድማ መልሲ ትጽበ ዘለኻ ክትከውን ይግባእ። ሕቶኻ ዝተነጸገ ናብ ሃገርካ ክትምለስ ስለዘይትኽእል ካብ ቤት ጽሕፈት NASS ናይ 'Section 4' ሓገዝ ትረክብ እንተኾንካ፣ ናይ ESOL ትምህርቲ ብናጻ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ክሊ ዕድመ **16-18 ዓመት** ትርከብ ደላዩ ውቅባ እንተኾንካን ናይ NASS ሓገዝ ትረክብ ወይ ድማ ስድራ ዘይብሉ ብኣገልግሎት ማሕበራዊ ጉዳያት ትእለ እንተኾንካ **ናጻ ናይ ESOL ትምህርቲ** ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እንዳተመሃርካ ከለኻ 19 ዓመት እንተመሊእካ ድማ ነቲ ዝጀመርካዮ ኮርስ ክሳዕ ትውድእ ክትመሃር ይፍቀደልካ እዩ። ኣብ ናይ ተጸባዪ መዝገብ ከለኻ 19 ዓመት እንተመሊእካ ድማ ነቲ ኮርስ ብናጻ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ።

ነዚ ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋ ትምህርቲ ዝኸፈል ክፍሊት፡ ከካብ ኮሌጅን በቲ ትኸፍሎ መጠን ክፈላለ ይኽእል እዩ። ስደተኛታት በቲ ዝወሓደ ዜጋታት ዝኸፍልዎ መጠን ክኸፍሉ ይፍቀደሎም እዩ፡ እንተኾነ ግና ደለይቲ ውቅባ ዝለዓለ ናይ ወጻእተኛታት ክፍሊት (ምንም እኳ ነፍሰ ወከፍ ኮሌጅ ናታ ዝኾነ ኣረኣእያ ይሃልዋ) ክኸፍሉ ክግደዱ ይኽእሉ እዮም።

## ትምህርቲ ብኸመይ ክመርጽ ይኽእል?

ኣብ ብዙሕ ናይ ESOL ትምህርቲ ዝወሃቡሉ ኣከባቢ ትነብር እንተደኣኮንካ፡ እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ከምትደሊ ክተማርጽ ይግባእ። እንተተኻኢሉ ምስ ኣማኸሪ ተዘራረብ። ንዓኻ ብዝበለጸ ክሕግዘካ ዝኽእልን ዝቐረበ ቦታ ምምራጽ ኣገዳሲ እዩ።

- ናይ ትምህርቲ ESOL ምስ ካልእ ትምህርቲ ተጸሚዱ ክትመሃር ትደሊ ዲኻ?
- ወይ ኣብ ሓደ ክፋል ናይ ቋንቋ ጥራይ ዲኻ ከተተኩር ትደሊ?
- ኣብ ፍሉይ ሙያ ዘተኮረ ዓይነት ትምህርቲ ዲኻ ትደሊ?
- ኣበየኣይ ጊዜ ክትመሃር ትደሊ?

## ካብ ክፍሊ ወጻኢ ብኸመይ መንገዲ ኢንግሊዘኛ ክመሃር ይኽእል?

ዝበለጸ ቋንቋ እንግሊዘኛ ክትመሃር እንተደሊኻ፡ ካብ ክፍሊ ወጻኢ'ውን ልክዕ ከምቲ ኣብ ክፍሊ ትገብሮ ጻዕሪ ክትጽዕር ኣለካ። ብዝተኻእለ መጠን እንግሊዘኛ ምጥቃም ክእለትካ ብዝቐልጠፈ ከማዕብሎ ይኽእል። ብጸትካ ከማኻ ሓደ ዓይነት ቋንቋ ዝዛረቡ እንተኾይኖም፡ ዋላ ንሓደ ሰዓት ኣብ መዓልቲ ይኹን ብእንግሊዘኛ ክትዛረቡ ክትሓቶም ይግባእ።

www.advice-resources.co.uk

## ቴሌቪዥን ምርኣይ

ዝተፈላለዩ መደባት ቴሌቪዥን ምርኣይ ክእለት ቋንቋ እንግሊዘኛ የማዕብሎ እዩ። እንግሊዘኛ ቋንቋ መጀመሪታኻ እንተኾይኑ፡ ኣብ መደብ ህጻናት ቀሊል ቋንቋ እንግሊዘኛ ስለዝጥቀሙን ብዙሕ ምድግጋም ስለዘለዎ ንምርአዩ ዝበለጸ መደብ እዩ። ሓደስቲ መደባት ስለዝደጋገሙን ብዛዕባ ናብራ ዓዲ እንግሊዝ ስለዘንጸባርቑ ጠቐምቲ መደባት እዮም። ቴሌቪዥንካ 'teletext' እንተሃልይዋ ሓደሓደ መደባት ብጹሑፍ ከተንብቦም ስለትኽእል 888ብምጽቃጥ ዝዝረብ ዘረባ ከተንብቦ ትኽእል ኢኻ። ዲጂታል ቴሌቪዥን እንተላትካ፣ ካብቲ ሴትኣፕ ሜኑ (set-up menu) 'subtitles' ብምምራጽ ቀጺሉ ዝመጽእ መምርሒታት ትኽእል ኢኻ። ናይ ቴሌቪዥን መደባት ተመሊስካ ክትሪኦም ምእንታን ኣብ ቪድዮ ክትቐድሖም ትኽእል ኢኻ።

## ምስማዕ ራድዮ

ምስማዕ ራድዮ ካልእ ዝበለጸ መምሃሪ መንገዲ እዩ። ብዝተኻእለ መንገዲ ኩሉጊዜ ረድዮ ክትሰምዕ ይግባእ። ኣብ መጀመሪታ ከይርደኣካ ይኽእል እዩ፡ ይኹን እምበር ቀስ ብቀስ ክርደኣካ ክጅምር እዩ። ናይቲ ከባቢ መደበር ራድዮ ምጽማዕ፡ ነቲ ናይ ከባቢ ኣዘራርባ ክትለምደን ኣብ ከባቢኻ ዝግበር ነገራት ክትፈልጥ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ሓደሓደ መደባት ኣገደስቲ ክኾኑ ስለ ዝኽእሉ ክትመልኦም ጠቐምቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

## ምንባብ

ጋዜጣ፡ መጽሄትን መጽሓፍን ምንባብ፡ ክእለት እንግሊዘኛኻን መዝገበ ቓላትካ ከማዕብሎ ይኽእል እዩ። መብዛሕቲኦም ናይ ከባቢ ጋዜጣ ብነጻ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ። መዓልታዊ ሃገራዊ ጋዜጣ ብኽልተ መልክዕ ይሕተም፡ ብጽሑፍን ብታብሎይድን። ናይ ጽሑፍ (ከም The Times ን The Guardian) ወግዓዊ ኣጸሓሕፋን ጹሩይ እንግሊዘኛን ዝበዝሐ ክፋሉ ናይ ፖለቲካን ቁጠባን ዜና ዝሓዘ እዩ።
ታብሎይድ ዝበሃል (ከም The Sun ን The Daily Express) ብናይ መዓልታዊ ኣዘራርባ እንግሊዘኛ ዝተጻሕፈን ዝበዘሐ ክፋሉ መዛናግዒን ስፖርት ሓዘል ትሕዝቶ ዘለዎ እዩ።

## ናብ ቤት መጻሕፍቲ ምኻድ

ቤተ መጻሕፍቲ ኮፍ ኢልካ ከተንብበሉ ትኽእል ምቹእ ቦታ እዩ። ኣባል ናይ ቤት መጻሕፍቲ ክትከውንን ኮምፕዩተርን ኢንተርኔት ክትጥቀም ትኸፍሎ ነገር የለን። እትኸዶ ቤተ መጻሕፍቲ ናይ ዝተፈላለየ ሕብረተሰብ ቋንቋታት ዝሓዙ መጻሓፍቲ ክህልዎ ይኽእል። ካልእ ነገራት ከም ምልቃሕ ቪድዮ ወይ DVDs ወይ ካብ ኮምፕዩተር ዝኾነ ወረቐት ምሕታም ክትከፍል ትኽእል ኢኻ። ኣባል ቤተ መጻሕፍቲ ክትከውን አድራሻኻ ዘለዎ 1 ወይ 2 ናይ መንነት መረጋገጺ ፎርም ከተምጽእ ይግባእ። እዚ ፎርም ከኣ ደብዳቤ ካብ Home Office ወይ ናይ ገዛ ውዕል ወይ ደብዳቤ ካብ GP ክኸውን ይኽእል።

## ናይ ወለኝተኛ ስራሕ

ናይ ወለንተኛ ስራሕ (Volunteering) ምስራሕ ንኽእለት ናይ ቋንቋ እንግሊዘኛኻ ከማዕብሎ ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ ክትሰርሕ፡ ክእለት ከተጥሪን ንሕብረተሰብካ ኣበርክቶ ክትገብር ይሕግዘካ እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ዝብል ኣርእስቲ ዝሓዘ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

## ኣብነት ምኽታል

ኣብነት ምኽታል (Mentoring) ማለት ናይ ካልእ ሰብ ኣሰር ምክታል ማለት እዩ። ናትካ ኣብነት (mentor) ዝበሃል ሰብ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ከም ኣብነት፣ ኣስ ኣሰሩ ክትክተል ትደሊ ሰብ ማለት እዩ። ብዛዕባ ዝተፈለለየ ጉዳያት ክትዛረብ ወይ ናትካ ኣብነት ንተወሰኑ ስራሓት ክትሰርሕ ክተሓጋገዘካ ይኽእል። ንዝኾነ ዘለዉ መደባት ክትፈልጥ ንቤት ጽሕፈት One Stop Service ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

Time Together ዝበሃል መደብ ብ Timebank ዝበሃል ግብረ ሰናይ ማሕበር ዝምራሕ፡ መደብ ሃገራዊ ኣብነት ምኽታል ስደተኛታት እዩ። ተሳታፊ ናይዚ መደብ እንተኾንካ፡ ን 1 ዓመት ምስ ኣብነት ንሰባት ብምኽኣን ዝሰልጠነ ሰብ ክትጻመድ ኢኻ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብዙሓት ናይ Time Together መደባት ይርከቡ። ንዝበለጸ ሓበሬታ ኣብ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ www.timetogether.org.uk ከተንብብ ትኽእል።

ADVICE RESOURCES

# ትምህርቲ

## መምርሒ ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን



### ኣሰራርሓ ስርዓተ ትምህርቲ ዓዲ እንግሊዝ ከመይ እዩ?

ስርዓተ ትምህርቲ ዓዲ እንግሊዝ ካብ ዝመጻካሉ ሃገር ክፍለ ይኽእል እዩ። ንዓበይቲ ዝኸውን ትምህርቲ ኣብ ኮሌጃትን ዩኒቨርሲታት ይወሃብ እዩ። ዝተፈላለዩ ዓይነት ትምህርቲ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ። ንዓኻ እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ልክዕ ምዃኑ ምስተፈለጠ፣ ኣበይ ቦታ ትመሃር ከምዝግብኣካ የፍልጠካ። ናይ ዩኒቨርሲቲ ተመሃራይ ምዃን ከም ክብሪ ዘለዎ ክቑጸር ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ግን ኣብዚ እዋን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብርክት ዝበለ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ኮሌጃት ይወሃቡ እዮም። ገለ ካብ ከተስተውዕሎ ዝግበኣካ ነገር ግን፣ ምምራጽ ዓይነት ትምህርቲ፣ ደረጃ ብቕዓት፣ ዝኽፈል ወጻኢ፣ ዘሎ ሓገዛትን ናብ ናይ መጻኢ መደብካ ብኸመይ ክሰማማዕ ከምዝኽእል ክትሓስበሉ ይግባእ።

ሓደሓደ ሓበሬታ ብዛዕባ ስርዓተ ትምህርቲን ዝተፈላለዩ ብቕዓታትን፣ ኣብዞም ዝስዕቡ መርበብ ሓበሬታታት ክትርእይ ትኽእል

- www.direct.gov.uk/EducationAndLearning
- www.qca.org.uk

ናይ መእተዊ ረቛሒ እንተማሊእካን ወጻኢታትካ ክትሸፍል ትኽእል እንተኾንካን፣ ዝኾነ ዓይነት ትምህርትን ደረጃን ክትመሃር ትኽእል ኢኻ።

### ተወሳኺ ትምህርቲ ዝበሃል እንታይ ዓይነት ትምህርቲ እዩ?

ተወሳኺ ትምህርቲ (Further education) ዝበሃል ካብ 16 ዓመት ንዳሓር ዝወሃብ ዓይነት ትምህርቲ ኮይኑ ደረጅኡ ግን ካብ ደረጃ ዲግሪ ትሕት ዝበለ እዩ። ዕላማ ናይዚ ዓይነት ትምህርቲ ንሰባት ንስራሕ ወይ ንቐጻሊ ትምህርቲ ክሕግዞም ዝኽእል ስልጠና ምቕራብ እዩ። ዝወሃቡ ትምህርትታት ትዓጻጻፍነት ዘለዎምን ዝተፈላለዩን እዮም። ሓደሓደ ዝለዓለ ትምህርትታት ኣብ ኮለጃት ተወሳኺ ትምህርቲ ይወሃቡ እዮም።

### ናይ ተወሳኺ ትምህርቲ ንኽትመሃር ክንደይ እዩ ዝኽፈሎ?

መብዛሕቲኦም ረድኤት ዝቕበሉ ስደተኛታት ተወሳኺ ትምህርቲ ብናጻ ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። ክትምዝገብ ከለኻ እዚ ሓገዝ ትቕበል ምዃንካ መረጋገጺ ከተቕርብ ኣሎካ። ንኻልኦት ግን፣ መብዛሕቲኡ ንዝለዓለ ደረጃ ትምህቲ ክኸፍሉ ይግደዱ። ስደተኛታትን ከም ደቒ ዓዲ ዝከፍልዎ ዝተሓተ ክፍሊት እዮም ይኸፍሉ።

ካብ 2007/08 ጀሚሩ፣ ደለይቲ ዑቕባ (ካብ 19+ ዓመት ንላዕሊ ዝኾኑ)፣ ክሳብ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ሹድሽተ ወርሒ ዝገብሩ (ከምእ'ውን ንዘቕረብዎ ሕቶ ወይ ይግባኝ መልሲ ይጽበዩ እንተለዉ) ካብ ናይ ህዝባዊ ዝምወላ ዝለዓለ ትምህርቲ ዝህባ ኣብያተ ትምህቲ ብናጻ ክመሃሩ ኣይክፍቀደሎም እዩ። እዚ ማለት ድማ ኣብ ውሽጢ እዘን ሹድሽተ ኣዋርሕ ዝለዓለ ትምህርቲ ክመሃሩ ኣብ ዝደልይሉ እዋን ከም ወጻእተኛ ልዑል ዝኾነ ክፍሊት ክኸፍሉ ይግደዱ። እንተኾነ ሓደሓደ ኮሌጃት ንደለይቲ ዑቕባ ከም ደቂ ዓዲ ትሑት ዋጋ ክኽፈሉ ከፍቅዳ ይኽእላ እየን።

ስለዚ ንደለይቲ ዑቕባ ዝኸውን ናይ ትምህርቲ ወጻኢታት ብዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፣ ኣብዚ ናይ መምርሒ ጽሑፍ ኣርከብ ዝብል 'Learning English' ክፋል ኣብ ትሕቲ 'ንትምህርቲ ክንደይ ገንዘብ ይኽፈል?' ዝብል ኣርእስቲ ከትንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።



Produced for advice-resources by RAGU, London Metropolitan University, July 2006. Last updated: Sept. 2008.

## ንተወሳኺ ትምህርቲ ዝኸውን እንታይ ዓይነት ናይ ገንዘብ ሓገዝ ይርከብ?

ናይ ተመሃራይ ናይ ገንዘብ ሓገዝ (**Learner support funds**) ዝበሃል ብሓደ ሓደ ኮሌጃት ንተመሃሮ ንመምሃሪ ወጻኢታት፤ ከም ናይ መጓዓዝያ ወይ ናይ መጻሓፍቲ ዝወሃብ ሓገዝ እዩ። ኣብ ክሊ 16-18 ዓመት ዝርከቡን ካብ NASS ሓገዝ ዝቕበሉ ድለይቲ ዑቕባ ነዚ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። ካብ 19 ዓመት ንላዕሊ እንተኾይኖም ግን ኣይፍቐደሎምን እዩ።

ቕቡል ስደተኛን ወዲ 16 ዓመት ወይ ንላዕሊ እንተኾንካ፡ እዚ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ዘይቕቡል ስደተኛ እንተ ኮይንካ፣ ግን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክትጸንሕ ፍቓድ እንተለካ፡ ንናይ ተመሃሮ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ንኽትቕበል ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ካብ 3 ዓመት ንላዕሊ ክትገብር ኣለካ። እዚ ግን ነዚ ናይ 3 ዓመት ናይ ምንባር ረቛሒ ዘየመልኡ ኣብ ክሊ 16-18 ዓመት ዝርከቡ ቕቡላት ስደተኛታት ኣይምልከትን እዩ።

ብተወሳኺ ንትምህርቲ ዝኸውን ናይ ጁባ ገንዘብ (**Education Maintenance Allowance** (EMA)) ክትቕበል ትኽእል ኢኻ። እዚ EMA ዝበሃል ብመንግስቲ ዝዳሎ መደብ ንኻብ 16-19 ዓመት ዝረከቡ ብዘይብኩራት ኣብ ትምህርቲ ወይ ኮሌጅ ትምህርቶም ዝከታተሉ ተማሃሮ ኣብ ሰሙን ካብ £10 ክሳዕ £30 ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዝህብ መድብ እዩ። እዚ ገንዘብ ክትቕበል፡ ናይ ገዛኻ እቶት'ውን ይውሰኖ እዩ። እዚ ሓገዝ ድማ ንመግስቲ ዝተቐበሎ ስደተኛ፡ ናብ ሰብኣዊ ማሕበር ዑቕባ ዘለዎ ወይ ናይ ILR ወረቀት ዘለዎም ሰባት ጥራይ ይወሃብ። እንተደኣ ናይ ILR ወረቀት ኣለካ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ን3 ዓመት 'ordinarily resident' (ነባሪ) ዝተቐመጥካ ኢኻ ማለት እዩ።

## ናይ ተወሳኺ ትምህርቲ መእተዊ ረቛሒ እንታይ እዩ?

መብዛእትኦም ትምህርትታት ውሱን ዝኾነ ረቛሒ የብሎምን። እንተሃልዩ ግን ኣብ ናይ ኮሌጅ በራሪ ጽሑፍ (**prospectus**) ክትርኢ ትኽእል ኢኻ። ዝኾነ ትምህርቲ ክትወስድ ብቕዓት ሃልዩካ እንተኾነ ግና መእተዊ ረቛሒ ዘይተማልእ እንተኾንካ ንተሓጋጋዚ መምህር ከተዘራርቦ ትኽእል ኢኻ፡ እዚ ኸአ ሓጺር ፈተና ሂቦም ከእትዉኻ ስለዝኽእሉ።

ንዝወሃቡ ትምህርትታት ብደንቢ ክትከታተል ክትኽእል፡ ክእለት ቋንቋ እንግሊዘኛኻ ጽቡቕ ክኸውን ይግባእ። ክእለት ናይ እንግሊዘኛኻ እኹል እንተዘይኮይኑ ግን፡ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ብርክት ዝበሉ ናይ ESOL ትምህርትታት ይርከቡ። ምስ ናይ ESOL ትምህርትታት ብሓባር ዝወሃቡ ካእል ትምህርትታት'ውን አለዉ ወይ ኣብ ትመሃረሉ ኮሌጅ ተወሳኺ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ትምህርቲ ዝህብ ክኸውን ይኽእል።

## ናይ ተወሳኺ ትምህርቲ ብኸመይ ክጅምር ይኽእል?

- ናብ ናይ ከባቢ ኮሌጅ ብምኻድ ናይ ኮሌጅ በራሪ ጽሑፍ ከተንብብ ወይ ምስ ኣገልግሎት ተመሃሮ ክትዘራረብ ትኽእል
- ናይ ከባቢ ቤት መጻሕፍቲ'ውን ናይ ኮሌጃት በራሪ ጽሑፍ ይርከበን እዩ
- ኣብ ናይ ኮሌጅ መርበብ ሓበሬታ ክትርእይ ተኽእል
- ካልኦት መርበብ ሓበሬታታ ከም [www.hotcourses.com](http://www.hotcourses.com) ወይ [www.direct.gov.uk/careersadvice](http://www.direct.gov.uk/careersadvice) ክትርእይ ትኽእል።

## ናይ ተወሳኺ ትምህርቲ ዓይነት ብኸመይ ክመርጽ ይኽእል?

ንትመሃሮ ዓይነት ትምህርቲ ክትመርጽ ከለኻ ክትጥንቀቕ ይግባእ፡ ብሕልፊ ዝኸፈሎ ዓይነት ትምህርቲ እንተኾይኑ፡ ቕድሚ ምውሳንካ ኣቐዲምካ ምስ ኣማኻሪ ከተዘራርብ ይግባእ። ሓደሓደ ዓይነት ትምህርትታት ሓደ ዓይነት ክፍሊት ክህልዎም ይኽእል፡ ነገር ትምህርቲ ምስ ወዳእካ ግን ዝለዓለ ዋጋ ዘለዎ ዓስቢ ክትረክብ ትኽእል።

ከም ዝንባሌኻ መሰረት፡ ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ወይ ሕዋስ ናይ ክልቲኦም ክትመርጽ ትኽእል

- **ናይ ሙያ ትምህርቲ** - ናይ ሙያ ወይ ብኢድ ዝስራሕ ነገር ደስ ዝብለካ እንተኾይኑ
- **ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ** - እዚ ኸአ ናይ ትንተና፡ መጽናዕቲ ወይ ጽንሰ ሓሳባት ዝንባሌ ምስ ዝህልወካ

www.advice-resources.co.uk

እዚ ናይ ሙያ ወይ ኣካዳሚያዊ ምርጫኻ፡ ንመጻኢ እንታይ ትደሊ ክውሰኖ ይኽእል እዩ። ኣጋጣሚ ኾይኑ ግን ስራሕ ዝርከብሎም ዓይነት ትምህርቲታት ንደለይቲ ዑቕባ ብዘይ ናይ ስራሕ ፍቓድ ወረቐት ኣይፍቐደሎም እዩ። ኣብዚ ከምዚ ኩነታት እንተሃሊኻ፡ ንኮሌጅ ከተዘራርብ ትኽእል ኢኻ። ምስ ናይ ESOL ትምህርቲ ብሓባር ዝወሃቡ ናይ ሙያ ትምህርቲ ክህልዉ ይኽእሉ ኢዮም።

ክልቲኡ እዚ ናይ ሞያዊን ኣካዳምያቲ ትምህርቲታት ንዓኻ ልክዕ ኣይኮኑን ኢልካ ክትሓስብ ትኽእል ኢኻ። ስለዝኾነ ፍሉይ ክእለት ከተጥሪ ዝሕግዙ ትምህርትታት ከም ICT ወይ ናይ መደረ ምስማዕ ክእለት ዝኣመሰሉ ትምህርታት ክትመሃር ትኽእል ኢኻ። ካልእ ኣማራጺ'ውን ንዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዝኸውን ናይ መሰጋገሪ ትምህርቲ፡ ከም ፍሉት መዳለዊ ትምህርቲ፡ ናይ Access ትምህርታትን ናይ ኣካዳሚ ቋንቋ እንግሊዘኛ ክትመሃር ትኽእል።

## ናብ ናይ ተወሳኺ ትምህርቲ ብኸመይ መገዲ ከመልክት ይኽእል?

ናብቲ ኮሌጅ ብቐጥታ ከተመልክት ይግባእ። መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ምዝገባ ኣዋርሕ፣ ካብ ጥሪ ክሳዕ መስከረም እኳ እንተኾነ፡ ሓደሓደ ትምህርትታት አአብ ሰሚስተር ስለዝወሃብ ኣብ ዝኾነ እዋን ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ናብ ኮሌጅ ንክትምዝገብ ክትከይድ ከለኻ ክትማልኦም ዝግበኣካ ነገራት፤

- ናይ ARC ወይ ካልእ ናይ Home Office ዶክመንት
- ናይ NASS ሓገዝ ወይ ረድኤት ከምትቕበል ዘረጋግጽ ደብዳቤ

## እቲ ኮሌጅ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ይህብ?

ኣብ ኮሌጅ ናብራ እንተኸቢድካ፡ ንተሓጋጋዚ መምህር ወይ ንኣገልግሎት ተመሃሮ ከተዘራርብ ይግባእ። እቲ ኮሌጅ ተወሳኺ ናይ እንግሊዘኛ ትምህርቲ ወይ ናይ ሙያ ወይ ICT ትምህርቲ ዘቕርብ ክኸውን ይኽእል። ሽግርካ ግን ብሕታዊ እንተኾይኑ፡ እዚ ኮሌጅ ምስ ንሽግርካ እተካፍሎ ናይ ተመሃሮ ድሕነት በዓል ስልጣን ከራኽበካ ይኽእል እዩ።

## ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዝበሃል እንታይ እዩ?

ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ (Higher education) ኣብ ዩኒቨርሲታት፡ ናይ ዝለዓለ ትምህርቲ ዝህባ ናይ ኪነጥበብ ወይ ሕርሻ ኮሌጃት ወይ ተወሳኺ ትምህርቲ ዝህባ ኮሌጃት ዝወሃብ ዘጠቓልል ዓይነት ትህምርቲ እዩ። ነዚ ትምህርቲ ንኽትውድኦ ካብ 1 ክሳብ 6 ዓመት ክወስደልካ ይኽእል እዩ። እዚ ኸኣ ብእትወስዶ ዓይነት ትምህርትን ብቕዓትን እዩ ዝውሰን። ደረጅኡ ኸኣ ቅድመ ምረቓ ወይ ድሕረ ምረቓ እዩ ክኸውን።

ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ተማሂርካ ብሰለስተ ቀንዲ ብቕዓት ክትምረቕ ትኽእል፤

- ዲፕሎማ
- ዲግሪ
- ናይ ሙያ ብቕዓት ወረቐት

## ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ክትመሃር ክንደይ ትኸፍል?

ክፍሊት ናይ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ኣደናጋሪ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ዩኒቨርሲታት ብ 'ናይ ደቒ ዓዲ ክፍሊት' ከምእውን 'ናይ ወጻእተኛ ክፍሊት' ዝበሃል ክልተ ዓይነት ክፍሊት ኣሎ። ስደተኛ (ባዓል ቤት ወይ ውላድ ናይ ስደተኛ) እንተኾንካ ንመዓልታዊ ይኹን ምሽታዊ ልክዕ ትምህርቲ ከም ናይ ደቒ ክፍሊት ትኸፍል።

ደላዩ ዑቕባ እንተኾንካ ግን ንመዓልታዊ ይኹን ምሽታዊ ዝለዓለ ትምህርቲ ክትመሃር፡ ልክዕ ከም ወጻእተኛ ክትከፍል ትግደድ። እንተኾነ ግን እታ ዩኒቨርሲቲ ነዚ ኽፍሊት ትውስን። ሓደሓደ ንደልቲ ዑቕባ ከም ደቒ ዓዲ ክፈልሉ የፍቅዳ፡ ካልኦት ድማ ከከም ሰቡ ይውስና። ዝበለጸ ግን ንዝተወሰኑ ትምህርትታት ንዩኒቨርሲቲ ከተዘራርብ ትኽእል ኢኻ።

www.advice-resources.co.uk

ካብ መስከረም 2008 ጀሚሩ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከባ ዩኒቨርሲታትን ኮሌጃትን ንሓደሽቲ መዓልታዊ 'ናይ ደቂ ዓዲ ክፍሊት' ዝምልከቶም ተመሃሮ ንዓመት £3,145 ከኽፍላ ክጅምራ እየን። 'ናይ ወጻእተኛ' ክፍሊት ግን ልዕሊ ዕጽፊ ናይዚ ክፍሊት እዩ።

## ንዝለዓለ ትምህርቲ ዝኸውን እንታይ ናይ ገንዘብ ሓገዝ አሎ?

ቀዳማይ ዲግሪ ዝመሃር፡ ወይ ናይ ድሕረ ምረቓ ናይ ምምህርና ስልጠና ዝመሃር ወይ ካልኦት 'ዝተፈቕደልካ ትምህርቲ' (ከም HNC ወይ HND ወይ መሰረታዊ ዲግሪ ዝኣመሰሉ) ትመሃር **ብመንግስቲ ቕቡል ዝኾነ ስደተኛ** እንተኾንካ፡ **ንናይ ተመሃሮ ሓገዝ** (**student support**) ክትቕበል **ብቑዕ ኢ.ኻ**። ከምእውን ናይ **ILR (ብመንግስቲ ቕቡል ዝይኮነ ስደተኛ): ELR, ELE, HP** ወይ **DL** ወረቐት እንተለካ፡ ነዚ ንናይ ተመሃሮ ሓገዝ ክትቕበል **ብቑዕ** ኢ.ኻ። እንተኾነ ግና ኣብ ዓዲ እንግሊዝ **ንሰለስተ ዓመት** ወይ ልዕሊ.ዑ **'ዝተቐመትካ'** ክትከውን ይግባእ። እዚ ድማ ነቶም ተወሳኺ ናይ ዘይተወሰነ ናይ ምንባር ፍቓድ ክረኽቡ ሕቶ አቕሪቦም መልሲ ዝጽበዩ ዘለዉ'ውን የጠቓልል። **ደለይቲ ዑቕባ፣ ምንም እኳ አብ ዓዲ ኢንግሊዝ ነዊሕ ይጽንሑ ነዚ ናይ ተመሃሮ ሓገዝ ይኹን ንኻልእ ወጻኢ.ታት ሓገዝ ክረኽቡ ብቑዓት አይኮኑን።**

ናይዚ ትቕበሎ ሓገዝ መጠን ግን በቲ ናትካ (ቤተሰብካ) ኣታዊ ዝውሰን እዩ። ንሓበሬታ ኣብ ዝስዕቡ መርበብ ሓበሬታ ተመልከት፡

- www.studentfinancedirect.co.uk
- www.scholarship-search.org.uk
- www.hero.ac.uk

ንናይ ተመሃሮ ሓገዝ ክትቕበል ብቑዕ ዘይኮነ ደላዩ ዑቕባ ወይ ስደተኛ እንተኾንካ፡ ንዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ መምሃሪ ዝኸውን ገንዘብ ክትረክብ ኣሸጋሪ እዩ። ትህርታዊ ወፈያታትን ግበረ ሰናይ ማሕበራት ዝተወሰነ ናይ ገንዘብ ሓገዝ የቕርባ እየን። ናይ ስደተኛታት ናይ ትምህርቲ ሓገዝ (CARA) ዝበሃል ማሕበር ንናይ ገንዘብ ሓገዝ አበይ ትረክብ ዝገልጽ 'Higher Education Pathways'ዝብል ጠቓሚት ዝኾነት ንእሽተይ መጽሓፍ ኣላቶም። ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባ ብነጻ ትወሃብ። ናይ CARA ብስ.ቑ. 020 7021 0880 ክትድውል ወይ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.academic-refugees.org ክተንብብ ትኽእል።

## ኣብ ሞንጎ ናይ ኢምግሬሽን ኩነታተ እንተተቕዪሩ'ኸ?

ደላዩ ዑቕባ ኔርካ እሞ ንናይ ዑቕባ ሕቶኻ አዎንታዊ ዝኾነ ውሳኔ እንተረኺብካ፡ ንታ **ዩኒቨርሲቲ ብዝቐልጠፈ ክትሕብር ይግባእ**። እዚ ኸኣ ከም **'ደቂ ቃዲ' ክትከፍልን ንናይ ተመሃሮ ሓገዝ ክትረክብ ይሕግዘካ**። ንዝኾነ ኣውንታዊ ውሳኔ ንዝመጽእ ክፍሊት ከም ናይ 'ደቂ ዓዲ' ክትከፍል መሰል ኣለካ። ንናይ ተመሃሮ ሓገዝ ብቑዑ ክትከውን ግን ካብ Home Office ብዝተወሃበካ ውሳኔ ይውሰን።

**ብመንግስቲ ዝተፈቕደሉ ስደተኛ** እንተኾንካ (**ምስ ወይ ብዘይ ILR**) ንዝመጽእ ናይ ትምህርቲ ግዜ ዝኸውን ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል አለካ። ብተወሳኺ እዚ ናይ ስደተኛ ፍቓድ ትምህርቲ ካብ ዝጀመረሉ ዘሎ 3 ወርሒ ውሽጢ እንተተቕቢልካ፡ ናይ ዘሎ ናይ ትምህርቲ ዓመት ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል። ናይ ኢምግሬሽን ኩነታትካ ካብ ዝቕየር ዘሎ ናይ መጀመሪታ ሰሚስተር ናይ መንበሪ ዝኸውን ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢ.ኻ።

እንተደኣ ናይ **ELR, ELE, HP, DL** ወይ **ILR** (**ብዘይ ቕቡል ስደተኛ ምዃንካ**) ወረቐት ረኺ.ብካ፡ ነዚ ሓገዝ ክትረክብ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዓመት ዝተቐመጥካ ክትከውን ኣለካ።

## ንዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዝኸውን መእተዊ ረቛሒ እንተይ እዩ?

ዝተፈላለዩ ዓይነት ትምህርትታትን ትካላት ዝተፈላለት ናይ መእተዊ ረቛሒ ክህልዎም ይኽእል። ነዚ ናይ መእተዊ ረቛሒ ኣብ ናይ **ኮሌጃትን ዩኒቨርሲቲታት ጽሑፋት** ወይ ኣብ **መርበብ ሓበሬታ** ናይ Universities and Colleges Admissions Service (**UCAS**) ክትረኽቦም ትኽእል።

www.advice-resources.co.uk

እዞም ናይ መእተዊ ረቛሒታት በዞም ዝሰዕቡ መልክዕ ክጻሓፍ ይኽኣሉ፡

- ነጥቢ ናይ ፍሉይ ትምህርትታት (ንኣብነት  A-levels)
- ነጥቢ ኣብ ፉሉይ ዓይነት ትምህርቲ  (ንኣብነት ፊዚክስ) ወይ (ኪነ ጥበብ)

እንተደኣ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ወጻኢ ዝረኸብካዮ ክእለት ሃልዩካ እሞ ኣብ ዘሎ ዝርዝር ዘይተጠቕሰ እንተኾይኑ፡ እዚ ክእለትካ ከም ፍሉይ ናይ ውልቒ ክእለት ይቑጸር። ንኽትመሃሮ ትደሊ ዓይነት ትምህርቲ ክትምዝገብ ነታ ኮሌጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ናይ ምዝገባ ቦታ ክትሓትት ይግባእ። ካብ ተመሃሮ (ካብ ዓመት 21 ንላዕሊ ዝኾኑ) ዝመጽእ ማመልከቻ ዩኒቨርሲቲታት ተዓጻጻፊነት ይገብሩ እየን።

ዝለዓለ ደርጃ ትምህርቲ ክትመሃር ውሱን ዝኾነ ክእለት ቋንቋ እንግሊዘኛ እኳ እንተዘሃለወ፡ ክእለትካ ግን ዝለዓለ ክኸውን ይግባእ። ሓደሓደ ዩኒቨርሲቲታት ናይ IELTS ነጥቢ ይውከሳ። እቲ ዝደለ ነጥቢ ኸኣ 6.0 ወይ ካብዚ ንላዕሊ እዩ። ብዝበለጸ ግን ነተን ትካላት እንታይ ይደልያ ምሕታት እዩ።

## ኣብ ዝለዓለ ደርጃ ትምህርቲ ዝደልዮ ዓይነት ትምህርቲ ብኸመይ ይረክብ?

ናይ ዩኒቨርሲቲይ ናይ ትምህርቲ በራሪ ጽሑፍ ክትርእይ ኣለካ። እዚ ጽሑፍ እዚ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኬድካ ወይ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክትረኽቦ ትኽእል። ብተወሳኺ'ውን ኣብ ኢንተርነት ክትደሊ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናብ ቀጺሉ ዘሎ መርበብ ኢንተኔት ብምኻድ፡ ናይ ትደልዮ ዝለዓለ ወይ ተወሳኺ ትምህርቲ ዝህባ ኮሌጃት በራሪ ጽሑፍ ክለኣኸልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።
http://www.hero.ac.uk/sites/hero/uk/universities___colleges/order_prospectus.cfm

ኣብ ኢንተርነት ናይ ዝተፈላለዩ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ መብርሂ ዝህባ መርበብ ኢንተርኔት ክትረክብ ትኽእል። እዘን ምንጪ ሓበሬታት ድማ ነዘን ዝስዕባ የጠቓልላ፤

- www.direct.gov.uk/careersadvice
- www.hero.ac.uk
- www.hotcourses.com
- www.prospects.ac.uk
- www.ucas.com

## ኣብ ዝለዓለ ደርጃ ትምህርቲ ዝደልዮ ዓይነት ትምህርቲ ብኸመይ ይመርጽ?

ስፊሕ ዝበሉ ዝለዓለ ደረጃ ዘለዎም ትምህርትታት ስለዝርከቡ፡ ብዙሕ ነገራት ኣብ ግምት ከተእቱ ይግባእ። ስለዝኾነ ድማ ሓገዝን መምርሕን ካብ ኣማኻሪ ክትሓትት ኣገዳሲ እዩ።

ነቲ ክትወስዶ ትደሊ ነገር ምስ ወሰንካ ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብታ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮሌጅ ክትድውል ትኽእል ኢኻ። ናብ ክትመሃረሉ ትደሊ ዲፓርትመንት ከመሓላልፉኻ ብምሕታት፡ ንዝምልከቶ ሰብ ኩነታትካን ትጽቢታትካን ክትገልጸሉ ይግባእ።

እንተ ተኻኢሉ ድማ፡ ኩሉ ነገር ንምምዛን ናብቲ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮሌጅ በኣካል ምኻድ ጽቡቕ እዩ። መብዛሕተአን ዩኒቨርሲቲታትን ኮሌጃትን ክፉት መዓልታት ብምባል ዝፍለጥ መደብ ኣለወን፡ እዚ መደብ እዚ ከኣ፡ ኩለን ዲፓርትመንትታት ንሓደሽቲ ተመሃሮ መብርሂ ዝህባሉ መደብ እዩ፡ ከምእ'ውን ኣብዚ ጊዜ ምስ ናይ ተመሃሮ ኣገልግሎት ክትዘራረብ ትኽእል።

ብኻልእ ወገን ድማ፡ ንምውሳን ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ካልእ ምንጭታት ኣለዉ። እዞም ምንጭታት ድማ ቆጺሎም ዝርከቡ ሓበሬታታት የጠቓልሉ፤

- ናይ ዩኒቨርሲቲ መርበብ ሓበሬታ
- ናይ ፕሮፌሽናል ኣካላት መርበብ ሓበሬታ ወይ ናይ ምኽሪ መስመራት

www.advice-resources.co.uk

- ጋዜጣታትን ናይ ፕሮፈሽናላት ጽሑፋት
- ናይ ዝተፈላለዩ ትምህርትታት ናይ ብቕዓት ግምገማ (ንኣብነት፡ http://education.guardian.co.uk/universityguide)

## ናብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ብኸመይ የመልክት?

እቲ ክትመሃሮ ትደሊ ትምህርቲ ምስ ወሰንካ ብኸመይ ናብ ዝለዓልት ትምህርቲ ትምዝገብ ይውሰን።

**ንቕድመ ምረቓ ዲግሪ፡ መሰረታዊ ዲግሪ፡ HND/HNC ወይ ዲፕሎማ** ክትምዝገብ እንተደሊኻ፡ ናብ UCAS ብመንገዲ ኢንተርነት ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ኣብ ዝቕጽል መርበብ ሓበሬታ ብርክት ዝበለ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። www.ucas.com.

ንናይ ምሸታዊ ቅድመ ወይ ድሕረ ምረቓ ትምህርቲ ምዝገባ ኣብ ናይ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮለጅ በሪሪ ጽሑፍ ክትርእይ ትኽእል ኢኻ። ንናይ ምዝገባ መዓልታት ክትፈልጦም ይግበኣካ። ብተወሳኺ ናብ ትደልዮ **ትካል ብቐጥታ ከተመልክት** ይግባእ።

## ንዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዝኸውን እንታይ ዓይነት ናይ ገንዘብ ሓገዝ ኣሎ?

ብመንገዲ እቲ ትካል ወይ ማሕበር ተመሃሮ ንተመሃሮ ዝኸውን ሓገዝ ኣሎ። እዚ ማሕበር ተመሃሮ ዝበሃል ኣካል፡ ብተመሃሮ ኣብ ዝለዓለ ትምህርቶም ክውክሎም፡ ሓገዝን ምኽርን ክቕርበሎም  ዝምረጽዎ ማሕበር እዩ። እዚ ማሕበር ካብታ ኮሌጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ነጻ እዩ።

# ስልጠና

## መምርሒ ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን



### ብመንግስቲ ዝወሃቡ መደብ ስልጠናታት ክሳተፍ ይኽእል' ዶ?

ረድኤት ትቕበል ስደተኛ እንተኾይንካ፡ ብመንግስቲ ኣብ ዝወሃብ ናይ ስልጠና መደብ ንኽትሳተፍ ዕድል ኣለካ። ደለይቲ ዑቕባ (ናይ ስራሕ ፍቓድ ይሃልዎም ኣይሃልዎም ብዘየገድስ) ነዚ ናይ መንግስቲ ናይ ስልጠና መደብ ክሳተፉ ኣይክእሉን እዮም። እቶም ቀንዲ መደባት ድማ፡ ንዓበይቲ ዝኾኑ ኣብ ስራሕ ዝዓለሙ ስልጠናታትን ትምህርትታትን እዮም። ካልኦት ብጆብ ሰንተር ፕላስ ዝወሃቡ ናይ ስልጠናታት መደባት ስለዘለዉ፡ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ጆብ ሰንተር ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

### New Deal ዝበሃል እንታይ ማለት እዩ?

ስደተኛን ናይ ደለይቲ ዑቕባ ገንዘብ ትቕበል እንተደኣ ኮይንካ፡ ቤት ጽሕፈት ጆብ ሰንተር ፕላስ ናብ መደብ 'New Deal' ክእትወካ ይኽእል እዩ። እዚ New Deal ዝበሃል መደብ **ንሰባት ስራሕ ክረኽቡ** ዝሕግዝ ናይ መንግስቲ መደን እዩ። ስራሕ ንምድላይ ፕላን ከተውጽእ ክሕግዘካ ዝኽእል፡ ናይ New Deal ተሓጋጋዚ ሰብ ክወሃበካ ይኽእል እዩ። እዚ ናይ **ስልጠና መደብ ክህልዎ ይኽእል**። ንዝተፈላለዩ ጉጅለታት ከም ንሰብኣይ/ሰበይቲ ዘይብሉ፡ ንወጣትን ንኻብ 25 ዓመት ዝዕድሜኦም ንላዕሊ ዝኾኑ ሰባት ዝኸውን ናይ New Deal መደባት ኣለዉ።

### Work Based Learning for Adults ዝበሃል እንታይ ማለት እዩ?

እዚ Work Based Learning for Adults (**WBLA**) ዝበሃል ፕሮግራም **ንሰባት ስራሕ ክቑጸሩ** ዝሕግዝ ናይ ጆብ ሰንተር ፕላስ ካልእ መደብ እዩ። እዚ ፕሮግራም ድማ **ብመንገዲ ስልጠናን ናይ ስራሕ ልምዲን** ነዚ መደብ ንምትግባር ዝዓለመ እዩ። WBLA ዝበሃል መደብ ድማ ካብ 6 ወርሒ ንላዕሊ ስራሕ ኣልቦ ንዝኾኑ ልዕሊ 25 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ዝዓለመ መደብ እዩ። እንተኾነ ንስደተኛታት ፍሉይ ዕድል ክወሃቦም ይኽእል እዩ። ብሓገዝ ጆብ ሰንተር ነዞም ዝሰዕቡ ዝኸውን ናይ ስልጠና መደብ ከተውጽእ ሓገዝ ክትረክብ ኢኻ። እዚ ኸኣ ናይ ስራሕ ልምዲ፡ ንብቕዓት NVQ ዝእንፈት ስራሕ ምስራሕ፡ ንዝተወሰነ ስራሕ ዝኸውን ስልጠና ወይ ሕዋስ ናይ ዝተጠቕሱ ዘጠቓልል ይኸውን።

### ንነኣሽቱ ዝኸውን ናይ ስራሕ ልምዲ (Apprenticeships) እንታይ ማለት ኢዩ??

ንነኣሽቱ ዝኸውን ናይ ስራሕ ልምዲ (apprenticeship) ዝበሃል፡ ሓዲሽ ክእለትን ብቕዓትን ክጥርዩ ዝደልዩ ንነኣሽቱን ብጹሓትን ዝኸውን **ኣብ ስራሕ ዝተመርኮሰ ስልጠና** ማለት እዩ። እዚ መደብ ምስ ኣስራሒ **እንዳሰራሕካ ትስልጥን**፡ ከምእውን ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ኮለጅ **ትመሃር ማለት** እዩ። እዚ ኣፕረንቲስሺፕ ወይ ምዕቡል ኣፕረንቲስተሺፕ ዝበሃል፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 16-24 ዓመት ዝርከቡ ሰባት ዝወሃብ ኮይኑ ኣብ ውሽጢ ካብ 1 ክሳብ 3 ዓመት ዘሎ ጊዜ ይጠናቐቕ። ናይ መእተዊ ረቛሒታት ተዓጻጻፍነት ኣለዎ።

ኣብ ዝተወሰነ ፋብሪካ ወይ ትካል ክትሰርሕ እንተደሊኻ፡ እዚ ናይ ኣፕረንቲስሺፕ ዝበሃ ጽቡቕ ኣማራጺ እዩ። ኣብ ትደልዮ ስራሕ፡ ተመኩሮ፡ ፍልጠን፡ ጥበብ፡ ናይ NVQ ድረጃ 2 ወይ 3፡ ቀንዲ ክእለታት (Key Skills) ዝኣመሰሉ ከተጥሪ ወይ ናይ ሙያ ምስክር ወረቐት፣ ከም ሃገራዊ ዲፕሎማ ክትሕዝ ትኽእል። ናብዚ ናይ ኣፕረንተሺፕ ክትጅምር ከለኻ ብዙሕ ጻዕሪ ስለዘድልዮ፡ ትኽክለኛ ምርጫ ከምዝገበርካ ከተረጋግጽ ይግባእ። ቕድሚ ምውሳንኻ ንሰብ ኣማኽር። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዛ ትቕጽል መርበብ ሓበሬታ ክትርእይ ትኽእል ኢካ። www.apprenticeships.org.uk.



Produced for advice-resources by RAGU, London Metropolitan University, July 2006. Last updated: Sept. 2008.

## ብኣስራሕቲ ዝወሃብ ስልጠና ክሳተፍ ዕድል ኣለኒ'ዶ?

ተቖጺርካ ኣብ ትሰርሓሉ እዋን፡ ብኣስራሕቲ **ዝቐርብ ወይ ዝምወል** ናይ ሙያ ወይ ናይ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ክህሉ ይኽእል እዩ። እዞም ስልጠናታት ድማ መሰረታዊ ዝኾኑ ወይ ንተወሰነ ስራሕ ዝወሃቡ ስልጠናታት ክኾኑ ይኽእሉ። እዚ ኸኣ መባዛሕቶም ኣስራሕቲ ንሰራህተኛታቶም ክሕግዙ ስለዝደልዩ እዩ። ቀጻሊ ንሰራሕተኛታት ስልጠናን ምዕባለን ዘቕርቡ ኣስራሕቲ 'መወልቲ ሰባት' ('Investors in People') ዝብል መለኪዒ ይወሃቦም።

## ንዝቐርቡ ስልጠናታት ዝኸውን እንታይ ዓይነት ናይ ገንዘብ ሓገዝ ይርከብ?

ንትወስዶ ስልጠና ንምኽፋል ክሕገዘካ ዝኽእል ካብ **ክፍሊ ለቃሕ ንምዕባለ ስራሕ** ልቓሕ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እዚ ግን ናይ ILR ወረቐት ዘለዎም ሰባት ጥራይ ዝወሃብ እዩ። እዚ ለቃሕ ድማ ንናይ ትምህርቲ ወጻኢን ንመናባበሪ ንምሽፋን፡ ዝሕግዝ ካብ £300 ክሳዕ £8000 ዝበጽሕ ናይ ገንዘብ ለቓሕ እዩ። እዚ ገንዘብ ድማ ንመዓልታዊን ምሽታውን ስልጠና ዝኸውን እዩ።

እዚ ክፍሊ ለቓሕ ንምዕባለ ስራሕ፡ ንናይ ሙያ (ምስ ስራሕ ዝተአሳሰር) ክሳዕ ክልተ ዓመት ወይ እቲ ትወስዶ ስልጠና ናይ ሓደ ዓመት ናይ ስራሕ ልምዲ ክትሰርሕ ዝገብረካ እንተኾይኑ ድማ ክሳዕ ስለስተ ዓመት ሓገዝ ክህብ ይኽእል። ነዚ ለቓሕ ንምርካብ እቲ ትመሃሮ ትምህርቲ ምስ ስራሕካ ዝተኣሳሰር፡ ካብ ዝኾነ ማሕበር ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዘይትቕበል ወይ ናይ ትምህርቲ ሓገዝ ዘይትቕበል ክትከውን ይግባእ። እዚ ካብ ክፍሊ ለቓሕ ንምዕባለ ስራሕ ትረኽቦ ለቓሕ ንእትወስዶ በረድኤት ክጸልዎ ስለዝኽእል፡ ቅድሚ ለቓሕ ምሕታትካ ንኣማኻሪ ከተዘራርብ ይግባእ። ከተስተውዕሎ ዝግባእ፡ እዚ ምስ **ክፍሊ ለቓሕ ንምዕባለ ስራሕ** ትገብሮ ውዕል፡ ኣብ መንጎኻን እቲ ባንክን ስለዝኾነ፡ ንዝተለቃሕካዮ ሙሉእ ክትከፍሎ ይግባእ።

ኩሉ ግዜ ንሓበሬታ ጽሑፋት ብዛዕባ ናብ ክፍሊ ለቓሕ ንምዕባለ ስራሕ ብቑጽሪ ስልኪ 0800 585 505 ብምደዋል ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ ንናይ ከባቢኻ ጆብ ሴንተር ወይ ንኮሌጅ ወይ ንማእከል ስልጠና ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ዝቕጽል መርበብ ሓበሬታ ክትወክስ ትኽእል። www.direct.gov.uk/cdl.

## ናይ ስራሕ ፍቓድ እንተዘይብለይ ነዚ ብስራሕ ዝወሃብ ስልጠና ክወስድ ይኽእል'ዶ?

ኣብዚ እዋን ዘሎ ናይ **NASS ፖሊሲ** ከም ዝገልጾ፡ ሓገዝ ዝቕበሉ ደለይቲ ዑቕባ ኣብ **ዘይክፈሎ 'ብስራሕ ዝወሃብ'** ስልጠና ክሳተፉ ከምዝኽእሉ እዩ። እዚ ምምዳብ ስራሕ ግን ኣካል ናይ ስልጠና ክኸውን እምበር ዝኸፈሎ ስራሕ ክኸውን የብሉን። ዘይምርድዳእ ከይፍጠር ምእንታን፡ ብዛዕባ እዚ ስልጠና ን NASS ክትሕብር ይግባእ። ንስልጠናኻ ዝኸውን ናይ ገንዘብ ሓገዝ ትወስድ እንተኾንካ፡ ንናይ ግዝያዊ ፍቓድ ክስተኻኸለልካ ክትሓትት ርግባእ። ካብ NASS ትረኽቦ ሓገዝ በዚ ንስልጠና ትረኽቦ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክጽልዎ ስለዝኽእል ክትሕብሮም ይግባእ። እንተኾነ ግና NASS ንእትረኽኖ ናይ ጉዕዞን መግብን ሓገዝ ኣይምልከቶን እዩ።

ADVICE RESOURCES

# ናይ ወለንተኛ ስራሕ

## መምርሒ ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን



### ናይ ወለንተኛ ስራሕ ዝበሃል እንታይ ማለት እዩ?

ናይ ወለንተኛ ስራሕ (Volunteering) ዝበሃል **ከትይተኸፈልካ** ምስ ግብረ ሰናይ ማሕበራት **ምስራሕ** ማለት እዩ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እዚ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ኣብ ኩሉ ዕድመን ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት ልሙድ እዩ። እዚ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ብምስራሕ እተጥርዮ ክእለት በስራሕቲ ተቐባልነት ኣለዎ። መብዛሕትኦም ስደትተኛታትን ደለይቲ ዑቅባ ኣብ ናይ ከባቢ ናይ ስደተኛ ማሕበር ወይ ኣብ ማሕበረኮም ስደተኛታት (RCO) ወይ ምስ ካልኦት ናይ ግብረ ሰናት ማሕበታት ናይ ወለንተኛ ስራሕ ክሰርሑ ይኽእሉ።

### ናይ ወለንተኛ ስራሕ ምስራሕ እንታይ ጥቅሚ አለዎ?

ስደተኛ ወይ ድላዪ ዑቕባ እንተኾይንካ፡ ብጀካ እቲ ንስኻ ትረኽቦ ዕጋበት ብዙሕ ጥቕምታት ክትረክብ ትኽእል። ናይ ወለንተኛ ስራሕ ብምስራሕ

- ቋንቋ እንግሊዘኻን ናይ ምርድዳእ ክእለትካ ክምዕብ ይኽእል
- ሓደሽቲ ሰባትን ብጾትን ከተጥሪ ትኽእል
- ሓድሽ ክእለት ከተጥሪ ወይ ነቲ ዘለካ ክእለት ከተማዕብሎ ትኽእል
- ርእሰ ተአማማንነት ከተማዕብል ትኽእል

ብተወሳኺ ቐልጢፍካ **ስራሕ ክትረክብ** ክሕግዘካ ይኽእል፡ ምኽንያቱ፡

- ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ስራሕ ባህልን ልምድን ንክትፈልጦ ስለዝሕግዘካ
- ንስራሕ መርከቢ ዝሕግዘካ ኣገዳሲ ናይ ስራሕ መወከሲ ክትረክብ ስለዝኽእለካ
- ብኣስራሕቲ ዝደልይዎ፡ ተብግሶን ውፉይነትን ከምዘለካ ከተርእይ ስለዝኽእለካ
- ኣብ ሓድሽ ቦታ ናይ ስራሕ ልምዲ ክህልወካ ይሕግዝ
- ብኹሉ ማዕከናት፡ ናይ ግሊ፡ ናይ ህዝቢን ወለንተኛን ልዕል ተቐባልነት ዘለዎ ስራሕ ክትሰርሕ ይሕግዘካ፡

ናይ ስራሕ ፍቓድ ዘይብሉ ድላዩ ዑቕባ እንተኾናካ እዚ ናይ ወለልንተኛ ስራሕ ጽሑቕ ናይ ስራሕ ልምዲ ከተጥሪ ክሕግዘካ ይኽእል። ብኻልእ ወገን ድማ ተቐጺርካ ከይሰራሕካ ኣብ ናትካ CV ዝርከብ ናይ ስራሕ ልምዲ **ዝብል ክፋት ቦታ ንኽትመልእ** ትኽእል። ብተወሳኺ እዚ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ህይወትካ ኣብ ጽቡቕ ንኸተውዕሎ ክሕግዘካን ናይቲ ትነብረሉ ከባቢ ኣካል ከም ዝኾንካ ዝሕብር ስሚዓት ክሕድረልካ ይኽእል።

### ናይ ወለንተኛ ስራሕ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

ኣበይ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ክትሰርሕ ከምትደሊ ማለት ከም ማእከል ሕበረተሰብ፡ ወይ ናይ ከባቢ ናይ ግብረ ሰናይ ወይ ስደተኛ ማሕበር ወሲንካ ክትከውን ትኽእል። ናብዚ ቦታ ብምኻድ Go in ምስ ኣመሓዳሪ ወይ ክሕግዘካ ምስ ዝኽእል ሰብ ክትዘራረብ ክትሓትት ትግባእ።

ናይ ወለንተኛ ስራሕ ክትረክብ እንተደሊኻ ንናይ ከባቢ ቤት ጽሕፈት One Stop Service ወይ ማእከል ወለንተኛታት (**Volunteer Centre**) **ከተዘራርብ** ትኽእል። መብዛሕትአን ከተማታት ናይ ወለንተኛ ማእከል ኣለወን። እዚ ማሕበር ናይ ወለንተኛ ስራሕ ዝምውል ማሕበር እዩ። እንታይ ክትሰርሕ ከምትደሊ ሓቲቶም ኣብ ዝምልከተካ

www.advice-resources.co.uk

Produced for advice-resources by RAGU, London Metropolitan University, July 2006. Last updated: Sept. 2008.

ማሕበር ይልእኹኻ። ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ናይ ወለንተኛ ማሕበር ኣብ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክትርእዩ ትኽእል። www.do-it.org.uk.

ካልእ ድማ ኣብ ጋዜጣ፡ ኣብ ናይ ከባቢ ቤት ንባብ ወይ ማእከል ሕብረተሰብ ዝርከብ ሰሌዳ ክትርእዩ ትኽእል። ምኽንያቱ ወለንተኛ ዝሰርሑ ዝደልያ ማሕበራት ምልክታአል ኣብዚ ዝለጥፉ።

## ናይ ወለንተኛ ስራሕ ሰራሕተኛታት እንታይ ዓይነት ስራሕ ይሰርሑ?

ወለንተኛታት ኣብ **ዝተፈላለዩ ንጥፈታት** ክሳረፉ ይኽእሉ። እቲ ክትሰሖ ትደሊ ባዕልኻ ስለትመርጽ፡ ደስ ዝብለካን ኣገዳሲ ዝኾነ ስራሕ ክትመርጽ ትኽእል። ገለ ካብዞም ንጥፈታት፡

- ኣተርጓሚ ምኳን
- ናይ ምኽሪ ምሃብ ስራሕ
- ናይ ሕብረተሰብ ምዕባለ ስራሕ
- ናይ ምሕደራን/ቤት ጽሕፈት ስራሕ
- ኣብ ማእከል ኣረግቶት/ህጻናት ምትሕግጋዝ
- ኣብ ሆስፒታል ሕሙማት ምሕጋዝ

ንክእለትካ ድሌትካን ዝሰማማዕ ስራሕ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ሓድሽ ነገር ክትፍትን እንተደሊኻ ድማ እቲ ወለንተኛነት ሓድሽ ክእለት ከተጥሪ የኽእለካ። ከምእ'ውን ንመጻኢ ክትሰርሖ ኣብ ትደሊ ስራሕ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ክትሰርሕ ትኽእል። ሓደሓደ ስራሕ ልዕል ዝበለ ክእለት ቋንቋ እንግሊዘኛ ዝሓቱ ክኾኑ ከለው ካልኦት ግን እዚ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ከተስተውዕሎ ዝግባእ ነገር ግን እዚ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ክእለት ቋንቋ እንግሊዘኛኻ ከተማዕብል ዓቢ ተራ አለዎ።

## ናይ ወለንተኛ ስራሕ ብኸመይ ከመልክት ይኽእል?

ናይ ወለንተኛ ማሕበራ **ዘይቅጥዓዊ ናይ ማመልከቻ መስርሕ** ኣለወን። ምስ ኣማሓዳሪ ወይ ተቆጻጻሪ ወለንተኛታት ክትዘራረብ ትኽእል። ከምእውን ደስ እንተሊካ ቆልጢፍካ ክትጅምር ትኽእል።

ኣብ ገሊኡ ኣጋጣሚ ግና **ቅጥዓዊ ናይ ማመልከቻ መስርሕ** ክህሉ ይኽእል። እቲ ማሕበር ንተወሰነ ስራሕ ኣብ ጋዜጣ ምልክታ ከውጽእ ይኽእል። ከምእውን ንተወሰኑ ሰባት CV ወይ **ናይ ማመልከቻ ፎርም** ክልእኩን ዋሕስ ክጽሕፉ ክሓቱ ይኽእሉ። ቆጺሉ እቲ ማሕበር ንዝቐረበ ማመልከቻ ብምምዝዛን ንመን ንቓለ መጠይቅ ከምዝጸውዑ ይውስኑ። እዚ መስራሕ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንስራሕ ብኸመይ ተመልክት ጸቡቕ ተመክሮ እዩ። ብዛዕባ እዚ ቅጥዓዊ ዝኾነ ማመልከቻ ምግባር መስርሕ ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ዝርከብ 'ተቐጺርካን ናይ ባዕልኻ ስራሕ ምስራሕ' ኣብ ዝብል ክፋል ተወሳኺ ሓበሬታ ክተንብብ ትኽእል።

## ከም ወለንተኛ መጠን እንታይ ይጽበ?

እዚ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ተዓጻጻፍነት ስለዘለዎ፡ ምስ ካልእ ከም ናይ ኮሌጅ ወይ ቤተሰብ ስራሕካ ከምዝሰማማዕ ክትገብሮ ትኽእል። ብዛዕባ እዚ ምስቲ ማሕበር ክትዘራረብ ይግባእ።

ከም ወለንተኛ መጠን እዞም ዝስዕቡ ክቸርበልካ ይግባእ፡

- እትሰርሖ ስራሕ እንታይ ምኳኑ ንጹር ዝኾነ መብርሂ
- ሙሉእ ናይ ኣባል ሰራሕተኛታት ሓገዝ
- ናይ ማሕበር መፈለጢ ዝኸውን መብርሂ
- ንእተውጽኦ ወጻኢ ከም ናይ ጉዕዞ ወይ መግቢ ዝኸውን ገንዘብ

www.advice-resources.co.uk

ሓዳ ሓደ ማሕበራት ንናይ ቐልዓ መእለዩ ዝኸውን ገንዘብ ይኸፍሉ እዮም። ሳሕቲ እኳ እንተኾነ፡ ቅድሚ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ምጅማርካ ብዛዕባ'ዚ ከተዘራርቦም ይግባእ።

ናይ ወለንተኛ ስራሕ ደስ ዝብል ክኸውን ስለዘለዎ፡ ዝኾነ ሽግር ከጋጥም ከሎ ንሓለፍቲ ከተዘራርብ ይግባእ። ደስ ዘይብለካ እንተኾይኑ ክትገድፎ ይግባእ፡ እንተኾነ ግን ቅድሚ ምግዳፍካ ነቲ ማሕበር ኣቐዲምካ ከተፍልጦም ይግባእ።

## እቲ ማሕበር ካባይ እንታይ ትጽበ?

ነዚ ናይ ወለልንተኛ ስራሕ ልክዕ ከም ተኸፊልካ ትሰርሖ ስራሕ **ከተኽብሮ** ይግባእ። እዚ ኸኣ ንዝኾነ ናይቲ ማሕበር ፖሊሲ ከተኽብሮ፡ **እሙንን ስርሑ ዘኽበርን፡** ስራሕ ክትገድፎ ወይ ኣብ ጊዜኻ ዘይትመጽእ እንተኾንካ ኣቐዲምካ ክትሕብርን ይግባእ። ምኽንያቱ እቲ ማሕበር ክትሰርሖ ኢኻ ኢሉ መደብ ከውጽእ ወይ ማዓልቲ ክውስን ስለዝኽእል ኣቐዲምካ ምሕባር ኣገዳሲ እዩ። ንመጻኢ ካብ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ተቖጻጻሪኻ ትረኽቦ ናይ መወከሲ ደብዳቤ ስራሕ ክትረክብ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

## ምጽራይ ናይ CRB እንታይ ማለት እዩ? የድልየኒ ዲዩ'ኼ?

ብቐሊሉ ክጥቕዑ ምስ ዝኽእሉ ሰባት ከም ኣረገውቲ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ክትሰርሕ እንተኾንካ፡ እቲ ትሰርሓሉ ማሕበር ዝምላእ ፎርም ክትመልእ ክሓተካ ይኽእል እዩ። እዚ ፎርም ድማ፡ ምጽራይ CRB (ቤት ጽሕፈት መዝገብ ገበነኛታት) ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ኸአ ምስ ብቐሊሉ ክጥቕዑ ምስ ዝኽእሉ ሰባት ክትሰርሕ ዘየኽእለካ **ገበን ፈጽምካ እንተነይራካ** ንምጽራይ ተባሂሉ ይግበር እዩ። ዘጨንቕ ነገር ኣይኮነን። እቲ ማሕበር ነዚ ፎርም ክህበካን ክትመልኦ ክሕግዘካን እዩ። እዚ አገልግሎት ንወለንተኛ ስራሕ ዝሰርሑ ብነጻ ይወሃብ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ [www.crb.gov.uk](http://www.crb.gov.uk) ከተንብብ ትኽእል ወይ ናብ ቤት ጽሕፈት Criminal Records Bureau ብስልኪ ቁጽሪ 0870 90 90 811 ክትድውል ትኽእል።

ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን እቲ ዝድለ ወረቓቕቲ ከምጽኡ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል። ፓስፖርት እንተዘይብልካ ካብዞም ዝስዕቡ 5 ናይ መንነት ዘረጋግጽ ወረቐት ሓደ ከተቕርብ ትኽእል (ናይ መርዓ ወይ ልደት ምስክር ወረቐት፡ ናይ ባንክ ወረቐት፡ ናይ ልቻ ወይ ማይ ቅብሊት ወይ ናይ NHS ካርድ)። ካብዞም ወረቓቕቲ ዝኾነ ከተቕርብ እንተዘይኪኢልካ ነቲ ማሕበር ናብ ካልእ ስራሕ ከሳትፈካ ስለዝኽእል ክትሕብሮም ይግባእ።

## እዚ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ንዝረኽቦ በነፊት ክጸልዎ ይኽእል'ዶ?

ናይ ደለይቲ ስራሕ ናይ ገንዘን ሓገዝ (Jobseekers Allowance) ዝቕበል ሰደተኛ እንተኾንካ፡ እዚ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ። ነገር ግን እዚ ንትረኽቦ በነፊት አይጸልዎን እዩ። እንተኾነ ግና **ተቖጺርካ ንምስራሕ ቕሩብ** ክትከውን አለካ፡ እዚ ማለት ከኣ፡ ንናይ ስራሕ ቓለ መጠይቕ ኣብ ትጽወዓሉ እዋን ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ቕሩብ ክትከውንን ናይ ስራሕ ዕድል ኣብ ትረኽበሉ እዋን ድማ አብ ውሽጢ ሰሙን ስራሕ ክትጅምር ቀሩብ ክትከውን ይግባእ። ብተወሳኺ **ስራሕ ክትረክብ ወትሩ ጻዕሪ** ክትገብር ይግባእ። እዚ ማለት ከኣ ኣብ ስራሕ ምስዝረኽባ ማሕበራት ክትምዝገብ፡ ቐጻሊ ንስራሕ ከተመልክትን CV ኻ ናብ ኣስራሕቲ ክትልእኽ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ከተካይድ ይግባእ። ዝኾነ ዘይምርድዳእ ከይፍጠር **ንማእከል ስራሕ ናይ ወለንተኛ፡ ስራሕ ትሰርሕ** ከምዘለኻ ክትሕብር አለካ። ናይ ወለንተኛ ስራሕ ተቖጻጻሪኻ፡ እንታይ ዓይነት ወጻኢ ከምትኽፈል ዝሕበር፡ ስራሕ አብ ትጅምረሉ ነዚ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ደው ከምተብሎን ከም ወለንተኛ መጠን እንታይ ዓይነት ክእለት ትመሃር ከምዘለኻ ዝሕብር ደብዳቤ ናብ ማእከል ስራሕ ክጽሕፈልካ ይኽእል እዩ።



Produced for advice-resources by RAGU, London Metropolitan University, July 2006. Last updated: Sept. 2008.

ADVICE RESOURCES

# ተቖጺርካን ወይ ናይ ግሊ ስራሕ ምስራሕ

## መምርሒ ንስደተኛታትን ደለይቲ ውቅባን



### ስራሕ ክሰርሕ ይፍቐደልይ'ዶ?

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ስራሕ ፍቓድ (permission to work) ዘለዎም **ስድተኛታትን ደልይቲ ውቅባን** ክሰርሑ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ እዚ ኣብ ኩነታት ኢምግሬሽንን መሰላትን ኣብ ዝብል ክፋል ናይዚ ጽሑፍ እዚ ዝበለጸ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ናይ ስራሕ ፍቓድ ዘይብሉ ድላዩ ውቕባ እንተኾይንካ፡ ተቆጺርካ ክትሰርሕ ስለትኽእል ቅሩብ ክትከውን ይግባእ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክተርኽቦም ትኽእል ናይ ስራሕ ልምዲ፡ ናይ ወለንተኛ ስራህ እንዳሰራሕካ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ሕጊ ዕዮ ከትምርምሮ፡ ብዛዕባ ስራሕካ ክትፈልጥ ወይ ናይ ሰባት መርበብ ክትፈጠር ትኽእል ኢኻ።

### ስራሀ ምድላይ ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ስራሕ ክትረክብ እንተደሊኻ፡ መስርሕ ኣደላልያ ስራሕ ክትፈልጥ ይግባእ። ካብ ትፈልጦ ኣደላልያ ስራሕ ክፈላለ ይኽእል። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ መስርሕ ምድላይ ስራሕ፡ **ክፍት ቦታ ምርካብ፡** ነዚ ክፉት ቦታ ምምልካት፡ እንተ ተደሊኻ ደማ ንቓለ መጠይቕ ምጽዋዕ የጠቓልል። እዚ ምድላይ ስራሕ **ብዝድለ ዓይነት ስራሕ ክፈላለ** ስለዝኽእል፡ ንኣማኻሪ ከተዘራርብ ወይ ብዛዕባ እዚ ስራሕ ጹጹይ ዝኾነ ሓበሬታ ክትረክብ ይግባእ።

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እዚ ናይ ስራሕ ምድላይ መስርሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል። ከተስተውዕሎ ዝግባእ ነገር እንተሎ፡ ካብ ካልእ ሃገር ዝረኸብካዮ ክእለት፡ ተመኩሮን ትምህርቲ ክትጥቀመሉ ይግባእ። ካብ ካልእ ሃገር ዝረኸብካዮ ትምህርትን ናይ ስራሕ ልምዲ እንተሃልዩካ፡ ኣብዚ ጽሑፍ 'ካብ ካልእ ሃገር ዝተረኽቡ ትምህርትን ናይ ስራሕ ልምዲ' ዝብል ክፋል ከተንብብ ትኽእል።

### ነዚ ናይ ስራሕ ዕዳጋ ከመይ ገይሬ ክጽንዖ ይኽእል?

ዝበዝሐ ጊዜኻ ኣብ ብኽእለትካ ስራሕ ትረኽበሉ ከተጥፍኦ ትኽእል ኢኻ። ወይ ድማ ብጠቕላላ ብዛዕባ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ስራሕ ዕዳጋ ክትፈልጥ ትደሊ። ስለዝኾነ ንመን ተዛርብ፡ አበይ ይርከብን ብኸመይ ይሰርሕ ክትፈልጥ ይግባእ።

ነዚ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከብ ናይ ስራሕ ዕዳጋ እንተፈሊጥካዮ ፡ እቲ መስርሕ ከመይ ከምዝኾነ ክትፈልጦ ኢኻ። እንተደኣ ትምህርቲ ወይ ተመኩሮ ሃልዩካን'ሞ በዚ ሞያ ክትቕጽል እንተደሊኻ፤ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ሓደ ዓይነት ምኺኑን ተጠላብነት ከምዘለዎ ከተጻሪ ይግባእ። ብዛዕባ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ስራሕ ዕዳጋ ብዝበለጸ ክትፈልጥ፡ እዞም **ዝስዕቡ መርበብ** ሓበሬታታት **ክሕግዙኻ ይኽእሉ** እዮም።

- http://jobseekers.direct.gov.uk
- www.prospects.ac.uk/links/SectorBs

**ፍሉይ ዝኾነ ክእለት** እንተልዩካ፡ ንነፍስኻ ነዘን ዝስዕባ ሕቶታት ሕተታ፤

- እቲ ስራሕ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እንታይ የጠቓልል?
- እቲ ዘለኒ ብቕዓት ነቲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝድለ ረቛሒታት የማልእ ድዩ?
- ናይ ብቕዓት ምጽራይ ምግባር ወይ ተመሳሳሊ ስራሕ ምድላይ ይሓይሽ'ዶ?
- ነቲ ዘሎኒ ናይ ሙያ ዓይነት ምቕያር'ዶ ይሕሸኒ?

www.advice-resources.co.uk

ብዛዕባ እዚ ክትሓስበሉ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ፡ ሲ.ዒቦም ተዘርዚሮም ይርከቡ፡

- ምስ ክኢላ በዓል ሞያ ምርኻብ ወይ ኣብ መርበብ ኢንተርኔት ምርኣይ (ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዝርከቡ ክኢላታት ዝርዝር ምስ ትደሊ፡ ኣብ www.hero.ac.uk ተመልከት)
- ኣብ ጋዜጣ ክፉት ስራሕ ቦታ ብምርኣይ አስራሕቲ እንታይ ይደልዩ ምፍላጥ
- ናይ ስራሕ ረቋሒታትን ሰባት ምፍላይ ክትፈልጥ ንማመልከቻ ስራሕ ፎርም ሕተት
- ንስራሕካ ዝምለከቱ ጽሑፋት ከንብብ
- ንተመሳሳሊ ስራሕ ዝሰርሕ ሰብ አዘራርብ

## ኣስራሕቲ ዝደልይዎ ቀንዲ ሞያታት አየኖት እዮም?

ካብ ንዝተወሰነ ዝራሕ ዝኸውን ክእለት ተወሳኺ፡ ኣስራሕቲ ፉሉይ ክእለት (key skills) ዘለዎም ይደልዩ። ፉሉይ ክእለት ዘበሃል፡ ኣስራሕቲ ኩሉም ሰራሕተኛታቶም ክህልዎም ዝደልይዎ ክእለት እዩ። እዞም ክእለታት ድማ አብ ስራሕ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝመሓላለፉን ብልምዲ ትጥርዮምን እዮም። ስራሕ ምስ ትቕይር ድማ እዞም ፍሉይ ክእለታት አብ ሓድሽ ስራሕካ ክትጥቀመሎም ትኽእል። ገለ ካብ ፍሉይ ክእለታት ዝበሃሉ ቀጺሎም ተዘርዚሮም ይርከቡ፡

- ናይ ርክብ ክእለታት
- IT
- ሒሳብ
- ምስ ካልኦት ምስራሕ
- ምፍታሕ ሽግራት
- ክእለትካን ኣስረርሓኻ ምምዕባል

## ምስ ካልኦት ሰባት ርክብ ምፍጣር?

ርክብ ምፍጣር ማለት፡ ብዛዕባ ናይ ክእለት ስራሕካ ወይ ንኻልእ ስራሕ ከፋልጡኻን ከምእውን ምኽርን ሓበሬታ ከቕርቡልካ ምስ ዝኽእሉ ሰባት ምርኻብ ማለት እዩ። እዞም ሰባት ድማ ‘ርክብ’ ተባሂሎም ይጽውዑ። ዝበዝሕ ሰብ ድማ ናይ መጀመሪያ ስርሑ ብዞም ሰባት ኣቢሉ ይረክብ እዩ። እቲ ትደልዮ ኣስራሒ ፈሊኻ ምስ ፈለጥካ፡ ናይ ወለንተኛ ወይ ደንበኛ ስራሕ ክህቡኻ ክትእምተሎም ትኽእል።

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ቀደም አሰራርሓ ናይ ርክብ ምፍጣር ኣይሰርሕን ስለዝኾነ፡ ተበላሒትካ ናትካ ዝኾነ ርክብ ትገብረሉ ሓድሽ መንገዲ ክትፈጥር ይግባእ። ናይ ስራሕ አማኻሪ ካብዞም ዝስዕቡ ዝርከቦም፡ ከመይ ጌርካ ርክብ ትፈጥር ከምትኽእል ክመኽሩኻ ይኽእሉ እዮም፡

- ብጾትን ቤተሰብን
- ናይ ኮሌጅ ተሓጋገዝቲ መመሃራን
- ኣብ ከባቢኻ ስራሕካ ዝርከቡ ሰባት
- ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ቀንዲ አስራሕቲ
- ኪኢላ በዓል ሞያተኛታት

## ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ብኸመይ ክረክብ ይኽእል?

***ጋዜጣታትን መጽሔታትን***

ኣብ ናይ ከባቢ ጋዜጣ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ክትርእይ ትኽእል፡ ወይ ኣብ መላእ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ሃገራዊ ጋዜጣ ክትርእይ ትኽእል። ኣብ ናይ ጋዜጣታት መርበብ ሓበሬታ’ውን ብቐሊሉ ክትርእይ ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ ኣብ ናይ ከባቢ ቤት ንባብ ወይ ወኪል ዜና ናይ ፍሉይ ክእለት መጽሔት ክትርእይ ትኽእል።

**ጆብ ሴንተርስ (ማእከላት ስራሕ)**

ኣብ ማእከላት ስራሕ ዝርከብ ምንጭታት ክትጥቀም በነፊት ዝቕበል ሰብ ጥራሕ ክትከውን የብላካን፡

- **Jobpoints** - እዚ Jobpoint ዝበሃል፡ ኣብ ማእከላት ስራሕ ዝርከብ ናይ ኮምፐዩተር ስክሪን ብምትንካፍ ናይ ዝተፈላለየ ክፉት ስራሕ ቦታ ክትርእየሉ ትኽእል መሳለጥያ እዩ። ካብ ተሰሪዑ ዝርከብ ዝርዝር ትደልዮ ስራሕ ምስ ትመርጽ፡ ዘሎ ክፉት ናይ ስራሕ ብታ ይዝርዝረልካ።
- **ኢንተርነት** - ኣብ ናይ ጆብ ሴንተርስ መርበብ ሓበሬታ ስራሕ ክትደሊ ትኽእል፡ www.jobcentreplus.gov.uk.
- ምስ ዝኾነ ኣማኻሪ ናይ ጆብ ሴንተር ክትዘራረብ፡ ናብ Jobseeker Direct ብቑጽሪ ስልኪ **0845 6060 234** ክትድውል ትኽእል። ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ክነግሩኻ ወይ ናይ ማመልከቲ ፎርም ክልእኩልካ ወይ ቃለ መጠይቕ ከዳልዉልካ ይኽእሉ እዮም።

**ናይ ስራሕ ኣማጻእቲ ወኪላት**

ብዙሓት ሰባት ብመንገዲ ኣማጻእቲ ስራሕ ወይ ኣቑጸርቲ ስርሕ ኣቢሎም ስራሕ ይረኽቡ። እዘን ማሕበራት ንጊዝያዊ ወይ ቀዋሚ ዝከውን ስራሕ **ኩባንያታት ሰራሕተኛ ክረኽቡ ዝሕግዛ** ማሕበራት እየን። ኣብ ናይ ከባቢ መዝገብ ቴሌፎን ወይ 'Yellow Pages' ኣድራሻ ናይዘን ማሕበራት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ኣብዘን መልመልቲ ማሕበራት ክትምዝገብ እንተደሊኻ፡ ኣቐዲምካ ቆጸራ ክትሕዝ ይግባእ። እዚ ማሕበር ድማ ቕዳሕ ናይ CV፡ መወከሲን መረጋገጺ ፍቓድ ስራሕን ከተርእይ ይሓቱ እዮም።

**ቬትሮ ድኳናትን ናይ ምልክታ ሰሌዳታትን**

ኣብ ናይ ዜና ወሊካት፡ ዓበይቲ ደኳኹንን ሱፐር ማርኬታትን ናይ ስራሕ ምልክታ ተለጢፉ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ ኣብ ናይ ሕብረተሰብን ካልኦት ማእከላት'ውን ናይ ስራሕ ምልክታ ክትርእይ ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ ግን በዚ መንገዲ ዝርከብ ስራሕ፡ ትሑት ክእለት ዘድልዮ ወይ ትሒት ደሞዝ ዘለዎ ስራሕ እዩ።

**ኢንተርኔት**

መብዛሕቲኦም ስራሕ ዝደልዩ ሰባት ኣብ ኢንተርነት ክርእዮ ጀሚሮም ኣለዉ። ከተስተውዕሎ ዝግባእ ነገር፡ ኣብ ትመሃረሉ ኮሌጅ ወይ ገዛ ኢንተርነት ንኽትጥቀም ዕድል እንተዘይብልካ፡ ናብ ናይ ከባቢ ቤት ንባብ ብነጻ ክትጥቐም ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ሓደሓደ መርበብ ሓበሬታታት ጠቕላላ ዝኾነ ሓበሬታ የቕርባ፡ ገሊኤን ድማ ንተወሰነ ክእለትን ደረጃን ዘተኮራ ይኾና። ገለ ኣብነታት፡

**ጠቕላላ ናይ ስራሕ መድላይ ዝሕግዛ መርበብ ሓበሬታታት**

- www.monster.co.uk
- http://jobseekers.direct.gov.uk
- http://www.fish4.co.uk/iad/jobs
- http://jobs.guardian.co.uk
- www.jobcentreplus.gov.uk

**ናይ መንግስቲን ወለንተኛ ስራሓት**

- www.lgjobs.com
- www.charitypeople.co.uk
- www.jobsgopublic.com
- www.opportunities.co.uk

**ንምሩቓት/ክኢላ በዓል ሞያውያን ዝኾኑ ስራሓት**

- www.get.hobsons.co.uk
- www.prospects.ac.uk
- www.thebigchoice.com
- http://targetjobs.co.uk/graduate-jobs/

**ምናልባሽ ይርከብ ይኸውን ኢልካ እተእትዎ ምልክታ**
እዚ ‘ምናልባሽ ይርከብ ይኸውን ኢልካ ዝግበር’ ክበሃል ከሎ፡ ስራሕ ይህልዎም’ዶ ይኸውን ብዝብል ግምት ንኣስራሕቲ ምሕታት ማለት እዩ። እዚ ድማ CV ን መሰነይታ ደብዳቤን ብምልኣኽ፡ ቴሌፎም ብምድዋል ወይ ናብቲ ትካል ብምኻድ ክፍጸም ይከአል። ናይ ትካል ክትከይድ እንተወሲንካ ግን፡ ምምጻእ ዝክአል እንተኾይኑ ኣቐዲምካ ክትሕብር ይግባእ። ቅድሚ ንትካላት መውካስካ፡ እንታይ ይሰርሓ ኣቐዲምካ ክተጽንዖ ይግበአካ።

## ንክፋት ናይ ስራሕ ቦታ ብኸመይ ከመልክት እኽእል?

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ቅጥዓውን ዘይቅጥዓውን መንገድታት አለው። እዚ **ዘይቅጥዓዊ መንገዲ** እዚ ንትሑት ደሞዝ ወይ መደበኛ ዘይኮነ ስራሕ ዘገንግልን ዘይልሙድ ኣሰራርሓ እዩ። ምስ ኣመሓዳሪ ሓጺር ዘረባ ክትገብር ክትራኸብን ውዕል ክትገብርን ትኽእል።

**ቅጥዓዊ ናይ ስራሕ ምምልካት መንገዲ** ግን እቲ ዝተለምደ ኣሰራርሓ እዩ። እቲ ናይ ስራሕ ማስተወዊያ ድማ CV ን መሰነይታ ደብዳቤን ክትልእኽ፡ ቴሌፎም ክትድዋል ወይ ናብቲ ትካል **ማመልከቻ ፎርም** ክሓትት ይኽእል። እዚ ናይ ማመልከቻ ፎርም ድማ ምምልካት ዝውዳኣሉ መዓልትን እዞም ዝሰዕቡ ይገልጽ፡

- ናይ ስራሕ መግለጺ
- ዝድለ ዓይነት ሰብ
- ናይ ማመልከቻ ፎርም ወይ ምሕታት CV
- ናይ ማዕረ ዕድል ንኹሉ መቖጻጸሪ ዝኸውን ፎርም
- መወከሲታት ዝኾኑ ከተቕርብ

## ናይ ስራሕ ዓይነት መግለጺ ማለት እንታይ እዩ?

ናይ ስራሕ ዓይነት መግለጺ (job description) ማለት እቲ ስራሕ ዝጠልቦ **ስራሕን ሓላፊነታትን** ዝገልጽ እዩ። እቲ ትካል **ካብቲ ስራሕተኛ እንታይ ከምዝጽበ**’ውን ይገልጽ። ብተወሳኺ’ውን፣ ናይ ስራሕ ማዕረግ፡ ነቲ ስራሕ መን የመሓድሮ ወይ ሓላፍነት ይወስድን ዘሎ ዕማማትና ሓላፊነታትን ክገልጽ ይግባእ። ስለዝኮነ ቅድሚ ናብቲ ስራሕ ምምልካትካ፡ ነዚ ክፋል እዚ ብደንቢ ከተንብቦ ይግባእ።

## ዝድለ ዓይነት ሰብ ማለት እንታይ እዩ?

እዚ ዝድለ ዓይነት ሰብ (person specification) ምስ ናይ ስራሕ መግለጺ ዝተኣሳሰር እዩ። ብሓጺሩ፡ እቲ ትካል እቲ ክቖጽሮ ደልዩዎ ዘሎ ሰብ እንታይ ረቛሒ ከማልእ ከምዘለዎ ዝገልጽ እዩ። እቲ ረቛሒ ድማ፡ ክእለት፡ ናይ ስራሕ ልምዲ፡ ብቕዓት፡ ፐበብን ግላዊ ተመኩሮ ከጠቓልል ይኽእል።

እዚ ዝድለ ዓይነት ሰብ ዝብል ክፋል፡ እንታይ ክህልወካን ደረጅኡን ዝገልጽ እዩ። ሓደ ሓደ ረቛሒታት ናይ ግድን ይኾኑ፡ እዚ ማለት ድማ ነቲ ስራሕ ክትሰርሖ ናይ ግድን እዚ ረቛሒ ከተማልእ ይግባእ። ካልኦት ረቋሒታት ድማ ከም ኣድለይቲ ክግለጹ ይኽእሉ። እዚ ማለት ድማ ነቲ ስራሕ ቀንዲ ረቋሒ ከይከውን ዝኽእል ኮይኑ፡ ምልክታኻ ዕዉት ክከውን ግን ክፋል ወይብ ሙሉእ ናይዚ ረቋሒ ከተማልእ ይግባእ።

እቲ ትካል ንመን ቓለ መጠይቕ ክጽውዕ ከምዘለዎ ኣብ ዝውስነሉ እዋን ወይ ‘ሓጺር ሊስታ’ (‘short listing’) ኣብ ዘዳልወሉ እዋን፤ ንዘቕረብካዮ ማመልከቻ ብምርአይ ነቲ ዝደለ ዓይነት ሰብ ብኸመይ ከምዘቕረብካዮ ይርእይዎ።

## ነዚ ናይ ማመልከቻ ቅጺ ኸመይ ጌይሬ ክመልኦ ?

እቲ ናይ ማመልከቻ ቅጺ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ኣለዎ። እዚ ኸኣ፡ ናይ ብሕቲ ሓበሬታ (ከም፡ ስምን ኣድራሻን)፡ ብቕዓትን ናይ ስራሕ ልምዲ ታሪኽ ዝአመሰሉ የጠቓልል። ናይ ወለንተኛ ስራሕ ልምዲ እንተለካ፡ ኣስራሕቲ ነዚ ከም ሓደ ብልጫ ስለ ዝርእይዎ ኣብ ማመልከቻኻ ክትጽህፎ ይግባእ።

ናይዚ ማመልከቻ ቅዳሕ ስለ ዘይግበር፡ ኣብ ኮምፒዩተር ክትጽሕፎ ወይ ንጹር ጌርካ ክትጽሕፎ ይግባእ። ነዚ ፎርም ክትመልእ ከለኻ ቦታ እንተዘይ ኣኺልካ፡ ተወሳኺ ወረቐት መሊእካን ብንጹር ገሊካን ኣተሓሒዝካ ክትልእኽ ትኽእል።

## ናይ ብሕቲ መግለጺ ክበሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ?

ነዚ ቅጺ ክትመልእ ከለኻ እቲ እትህቦ ናይ ግሊ መግለጺ (personal statement) እቲ ቀዳማይ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር እዩ። እዚ ኸኣ፡ እቲ ዘተደልየ ረቛሒ ከምተማልእን ነቲ ክፉት ቦታ ትኸውን ንስኻ ምኳንካ ንኽትገልጽ ዕድል ይህበካ።

ገለ ሓገዝቲ ምኽርታት፤

- ናይ ብሕቲ መግለጺኻ ኣብቲ ቅጺ ቅድሚ ምምላእካ፡ ኣብ ካልእ ወረቐት ኣቐዲምካ ኣጽፍፎ
- ዝበለጸ ማመልከቻ ክትጽፍ መእንታን ብዙሕ ጊዜ ክትህቦ ይግባእ
- ነቲ ዝድለ ረቛሒ ብኸመይ ከምተማልኦ ብደንቢ ዘርዚርካ ጸሓፎ
- ነዚ ረቛሒ ዝኸውን መረጋገጺ ንጹር ዝኾነ ኣብነት ከተቕርብ ይግባእ
- ኩሉ ግዜ ማመልከቲ ክትጽሕፍ ከለኻ፡ ነናቱ ዝኸውን ናይ ብሕቲ መግለጺ ክትሕፍ ይግባእ
- ናይ ግሊ መግለጺኻ ደስ ዝብልን ንጹርን ጌርካ ክትጽሕፎ ይግባእ
- ቅድሚ ምስዳድካ ሓደ ኣማኻሪ ከምዝርእየልካ ግበር
- ኣብ ግዜ ቃለመጠይቕ ከድልየካ ስለዝኽእል፡ ቀዳሕ ናይዚ ናይ ብሕታዊ መግለጺ ክትሕዝ ይግባእ

## CVን ናይ መሰነይታ ደብዳበ ከመይ ገይሬ ክጽሕፎ እኽእል?

እዚ CV ወይ Curriculum Vitae ዝበሃል ናትካ ብቕዓታት፡ ክእለታት፡ ስራሕ ልምዲን ዝንባለን ጽሚቕ ዝሓዘ ጽሑፍ እዩ። መሰነይታ ደብዳቤ ማለት ድማ ንኣንባቢ ክትምስጦን ንስኻ ንዘሎ ክፉት ስራሕ ብቑዕ ምኳንካ ምስ CVኻ ትልእኾ ደብዳቤ እዩ። ክትግንዘቦ ዘለካ ነገር ግን፡ ንዘለካ ክእለት፡ ስራሕ ልምዲን ዝንባሌን ብዝበለጸ ከተብርሆ እምበር ኣብ ዝጸሓፍካዮ CVኻ ነገር ክትደግሞ የብልካን። ነዚ ናይ መሰነይታ ደብዳቤ ከመይ ጌርካ ትጽሕፍ አብ ዝቕጽል መርበብ ሓበሬታ ከተንብብ ትኽእል።
www.get.hobsons.co.uk/advice/applications_covering

CV ክትጽሕፍ ከለኻ ምኽሪ ክትረክብ ኣገዳሲ እዩ። CV ከመይ ጌርካ ትጽሕፍ ኣብ ዝቕጽል መርበብ ሓበሬታ ከተንብብ ትኽእል። http://careersadvice.direct.gov.uk/helpwithyourcareer/writecv/

**CV ብዝተፈላላዩ መገድታት ክጽሓፍ ይክኣል እዩ።** ዘለካ ክእለት፡ ብቕዓትን ዝንባለን ዝገልጽ መሰረታዊ ዝኾነ CV ክትጽሕፍ ይግባእ። ካብኡ ከከም ትደልዮ ስራሕ ድማ ተመሓይሾ።

CV ብዝተፈላላየ መንገዲ ክጽሓፍ ይከአል። ገለ ካብ ልሙዳት መንገድታት፡

- **ፍሉይ ክእለት ዝገልጽ CV (Functional CV)** – እዚ ካብ ስራሕካን ትምህርትኻን ዝበለጸ ኣብ ተመሳሰልቲ ክእለታትን ሓያል ጎኒ የተኩር። ብፍልይ ንስራሕ ዘይብሎም፡ ወይ ዓይነት ስራሖም ዝቕይሩ ወይ ሓጺር ዕድመ ዘለዎም ስራሕ ዝስርሑ ስደተኛታትን ወይ ደለይቲ ዑቕባን ዝኸውን እዩ። ንስደትኛ ዝኸውን ኣብነት ናይዚ ዓይነት CV ኣብ ናይ Prospects መርበብ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል። www.prospects.ac.uk/downloads/sis/bgissues/CV3.pdf
- **ብቕድመ ተኸተል ዝጸሓፍ CV (Chronological CV)** – እዚ ማለት ድማ ዘለካ ሓበሬታ ብቕድመ ተኸተል ምጽሓፍ ማለት እዩ። ከምእውን ስራሕ ልምዲ ብቕዓት ብኸመይ ከምዘጥረኻ ይገልጽ። ብዙሕ ጊዜ ስራሕ ትቐያይር እንተኾንካ ወይ ስራሕ ትሳእን ኢንተኼርካ እዚ ዓይነት CV ተመራጺ አይኮነን።
- **ንተወሰነ ስራሕ ዝዓለመ CV (Targeted CV)** – እዚ ዓይነት ድማ፡ ንተወሰነ ኣስራሒ ተባሂሉ ዝጸሃፍ እዩ። ስለዝኾነ ናይ ተመልክተሉ ትካል ዝደልዮ ረቛሒ ብደንቢ ከምተረዳውካ ክገልጽ

ብዙሕ ቋንቋ ምዝራብ ዓቢ ተራ ኣለዎ። ኣብ ትጽሕፎ ማመልከቻ ፎርም ወይ CV ትዛረቦም ቋንቋታት ክትጽሕፍ ይግባእ። እንተኾነ ግን ኣብ 'ትዛረቦም ቋንቋታት' ዝብል ክፋል ንእንግሊዝ ክትጽሕፍ የብልካን። ምኽንያቱ እንባቢ ነቲ ንቋንቋ እንግሊዝ ከምትዛረብ ጌይሩ ክወስዶ እዩ።

## መወከሲ ወይ መንጎኛ ዝበሃል እንታይ እዩ?

መንጎኛ (referee) ዝበሃል ንዓኻ ኣጸቢቑ ዝፈልጠካን መደበኛ ወይ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ክትቁጸር ንዝሃብካዮ ሓበሬታ ዘረጋግጽ ሰብ ማለት እዩ። ንዝወሃበካ መደበኛ ይኹን ናይ ወለንተኛ ስራሕ ክትሰርሖ ትኽእልን ኣይትኽእልን ክሕተት ይኽእል። እቲ ትካል ድማ ነዚ መንጎኛ ዘቐረብካዮ ሰብ ክድውሉሉ ወይ ብጽሑፍ ክሓትዎ ይኽእሉ። 2 መንጎኛታት ከኣ ከተቕርብ ክትሀተት ኢኻ።

ንዝኽፈሎ ስራሕ ተመልክት እንተሃሊኻ፡ ምሳኻ ዝሰርሐ ዝነበረ ሰብ ወይ ኣማኻሪኻ ወይ መምህርካ ከም ተወከስቲ (references) ሰባት ከተቕርብ ይግባእ። ብተወሳኺ፡ ናይካ ክእለት፡ ጥበብ፡ ስራሕ ልምዲን ጠባይን ርእይቶ ክህቡ ዝኽእሉ የዓርዮም ዝፈልጡኻ ሰባት ክትጠቕስ ይግባእ። ንናይ ወለንተኛ ስራሕ ተመልክት እንተሃሊኻ ግን፡ 'ጠብይካ' ('character') ክገልጹ ዝኽእሉ ተወከስቲ ሰባት ክትጠቕስ ትኽእል። እዞም ሰባት ድማ ንስኻ እሙንን ቕኑዕን ምዃንካ ዘረጋግጹ ሰባት ይኾኑ። እዞም ሰባት ድማ፡ ኣብ ማእከል drop-in ወይ ማሕበረኮም ወይ ኣብ ጉጅለ እምነት ትፈልጦም ሰባት ክኾኑ ይኽእሉ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ንመጻኢ መደበኛ ስራሕ ክትረክብ ጽቡቕ መወከሲ ክትረኽበሉ ትኽእል ስራሕ እዩ።

## ካብ ካልእ ሃገር ዝረኸብክዎ ብቕዓት ናይ ስራሕ ብኸመይ ክገልጾ ይኽእል?

ካብ ካልእ ሃገር ዝረኸብካዮ ብቕዓት፡ ንማሕበራት ከተረድኦን ክትክእል ኣለካ። ከተስተውዕሎ ዝግባእ ነገር ኣስራሕቲ እንታይ ትረልጥን ዓቕሚ ኣለካን እዩ ዘገድሶም።

ከተመልክት ከለኻ ናይ ዘለካ ክእለት ብእንግሊዝ ኣተርጒምካ ከተቐቦ ይግባእ። እንተ ተኻኢሉ ናይ NARIC መወዳድርቱ ከተቕርብ ትኽእል። ብተወሳኺ ትምህርትኻ ክትመሃር ከለኻ ዘጥረኻዮም ክእለታት ክትልእኮ ይግባእ።

## ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ስራሕ ልምዲ ብኸመይ ክረክብ እኽእል?

ከምዝፍለጥ እቲ ብኽእለትካ ቀልጢፍካ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ስራሕ ከይትረክብ ዝዕቕጽ ቀንዲ ምኽንያት፡ እኹል ዝኾነ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ስራሕ ልምዲ ወይ ድማ ተወካሲ ዝኾነካ ሰብ ወይ ካምፓኒ ስለዘይብልካ እዩ። እዞም ነገራት ብቀሊሉ ክትረክብ ድማ እዚ ናይ ምምዳብ ስራሕ (work placement) መደብ ክትሳተፎ ይግባእ። ናይዚ ምምዳብ ስራሕ ትርጉሙ ድማ ተዛማዲ ዝኾነ ናይ ስራሕ ልምዲ ክትረክብ ኢልካ፡ ኣብ ዝኾነ ትካል ንተወሰነ ጊዜ ተሰማሚዕካ ስራሕ ምስራሕ ማለት እዩ። እዚ ናይ ምምዳብ ስራሕ ልምዲ ድማ፡ እቲ ዘለካ ክእለት ኣብ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ስራሕ ባህሊ ብኸመይ ኣብ ተግባር ከምተውዕሎ ዕድል ክፈጥረልካ ይኽእል እዩ። ሓደሓደ ማሕበራት (ከምRAGU) ንኪኢላታት ስደተኛታት ዝኸውን ናይ ምምዳብ ስራሕ መደባት ይርከቦም። ካልኦት ሰባት ድማ ን ኣስራሕቲ ብቐጥታ ብምርካብ ስራሕ ይረኽቡ እዮም።

## ካብዚ ናይ ምምዳብ ስራሕ መደብ እንታይ ክጽበ ይኽእል?

እዚ ምምዳብ ስራሕ፡ በቲ ዝቐርብ ናይ ገንዘባዊ ሓገዝ መሰረት ክፈለለ ይኽእል እዩ። ሓደሓደ ኣስራሕቲ ናይ መጓዓዝያ፡ ምሳሕን ናይ ምእላይ ቆልዓ ወጻኢታት ክኸፍሉ ክኾኑ ከለዉ፡ ካልኦት ግን ተወሰነ ሓገዝ ጥራሕ ዝህቡ እዮም። ብኻልእ ወገን ድማ፡ እዚ ናይ ምምዳብ ስራሕ ንኽንደይ ሰሙን ትሰርሕ (ካብ ቁሩብ ሰሙናት ካሳብ ኣዋርሕ) ከምእውን ኣብ ሰሙን ትሰርሓለን ማዓልታት ብዝሒ ብዝኣመሰሉ ነገራት ዝውሰን እዩ። ሓደሓደ ናይ ምምዳብ ስራሕ ምዕቡል ስልጠና ዘድልዮም ክኾኑ ከለዉ፡ ዝበዝሑ ድማ 'እንዳ ስራሕካ' ትመሃረሎም ዓይነት እዮም። ነዚ ናይ ምምዳብ ስራሕ መደብ ኣብ ትጅምረሉ እዋን፡ ናብቲ ማሕበር መፋለጢ፡ ሓገዝ ካብ ሓላፊኻ ከምትረክብን ዘለካ ክእለት ከተማዕብል ዕድል ክትረክብ ምዃንካ ክትፈልጥ ይግባእ። እንተኾነ ግና፡ ተደጋጋሚ ዝኾነ ስራሕን ከምትርሰርሕን ሓደሽ ክእለት ከምተጥሪ ክትርዳእ ይግባእ። ኩሎም ሰራሕተኛታት ድማ ነዚ ስራሕ ብግቡእ ክሰርሑ ትጽቡት ይግበረሎም።

www.advice-resources.co.uk

## ኣብዚ ናይ ምምዳብ ስራሕ ኣብ ዝሰርሓሉ እዋን ይኽፈል ዶ?

ሓደ ሓደ ኣስራሕቲ ንኣብ መደብ ምምዳብ ስራሕ ዝሳተፉ ሰራሕተኛታት ይኸፍላ እየን። እንተኾነ ግና እዚ ክፍሊት እቲ ዝተሓተ ክፍሊት እዩ። እንተኾነ ግና እዚ ትረኽብዎ ክፍሊት ኣብ ዝወሃበኩም በነፊት ወይ ስድራኹም ዝረኽብዎ ናይ ስራሕ ድጋፍ እንታይ ጽልዋ ክህልዎ ከምዝኽእል ክትሓስብሉ ይግባእ፡ ንኣብነት ናይ 'ስድራቤት ግብሪ ሓገዝ' ('family tax credit') ዝኣመሰሉ ሓገዛት። ብዛዕባ እዚ ኣቐዲምኩም ዝበለጸ ሓበሬታ ከተናድዩ ይግባእ። እዚ ሓበሬታ ድማ ካብ ናይ ዜጋታት ናይ ምኽሪ ቢሮ (Citizen's Advice Bureau) ወይ ድማ ካብ ቤት ጽሕፈት ጆብሴንተር ፕላስ (Jobcentre Plus) ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## እዚ ናይ ምምዳብ ስራሕ ካብ ብወለንተኻ ትሰርሖ ስራሕ ብኸመይ ይፍለ?

ክልቲኡ ዓይነት ስራሕ ብጣዕሚ ተመሳሰልቲ እዮም። ኣብ ዝኾነ ጸፍሒ ስራሕ ናይ ወለንታ ስራሕ ብምስራሕ ጠቐምቲ ዝኾኑ ናይ ስራሕ ልምድን ተወካሲ ክረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ንኣብነት ጠበቓታት ከም ጠበቓ ኮይኖም ክሰርሑ ይኽእሉ። ናይ ምምዳብ ስራሕ መደብ ግን ፍልይ ዝበለ እዩ፡ ምኽንያቱ ስሩዕ ስራሕ እዩ ከምእውን ንዓኹም ኣብ ተወሰነ ዓይነት ሞያ ናይ ስራሕ ልምዲ ከተጥርዩ ዝዓለመ እዩ። ንኣብነት ከም ኣካውንቲንግ፡ ምሕደራ ወይ ተሓጋጋዚ መምህር ዝኣመሰሉ ዓይነት ስራሕ ክጥቀስ ይከኣል። ናይ ወለንተኛ ስራሕ ግን ብተዛማዲ ዝተዛነየ ስራሕን ከም ክእለትካ ክትሰርሓሉ ዘይትኽእል ዓይነት ስራሕ እዩ። ኣብዚ መምርሒ ጽሑፍ ዝርከብ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ብዝበለጸ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ብምቁራጽ ስራሕ ዘጋጥም ክፉት ቦታታት ብኸመይ ክገልጾ ይኽእል?

ኣብ ታሪኽ CV ኻ ወይ ማመልከቻኻ ክፉት ዝኾነ ቦታ እንተገዲፍካ፡ ኣስራሕቲ ክጠራጠሩ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ብዘይ ስራሕ ቁሩብ ኣዋርሕ ደው እንተኢልካ፡ ናይ ስራሕ ተመኩሮኻ ወይ ትምህርትኻ ብዓመት ክትገልጾም ፈትን።

ንኣብነት ከምዚ ዝቕጽል ክትጽሕፍ ትኽእል

- ሰክረታሪ፡ 1998-2001
- ካብ ተሓጋጋዚ ናብ ዲረክተር, 2002-2004

ኣብ ክንዲ ከምዚ ዝቕጽል ምጽሓፍ፡

- ሰክረታሪ፡ መስከረም 1998 – ጥቕምቲ 2001
- ካብ ተሓጋጋዚ ናብ ዲረክተር፡ መጋቢት 2002 – ሕዳር 2004

ብዙሕ ወርሒ እንተኢልካ ግን፡ ብኣውንታዊ መንገዲ ክትግልጾ ፈትን። ኣብ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ወይ ምዕባይ ቆልዓ ተጸሚድካ ክትከውን ትኽእል። ከምእውን ኣብዚ እዋን ዘጥረኻዮ ዝኾነ ዓይነት ክእለት ከም ትምርቲ ቋንቋ እንግሊዝ ክትጽሕፎ ይግባእ።

## ተአሲረ እንተነይረ ብኸመይ ክገልጾ ይኽእል?

እንተ ተኻኢሉ ብዛዕባ እዚ ንኣማኻሪ ከተዘራርብ ይግባእ። ምስ ስደተኛታት ዝሰርሑ ማሕበራት ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ሽለል ይብልዎ እዮም። ካልኦት ማሕበራት ግን ኣብ ካልእ ሃገራት ምእሳር ዝውቱር ምዃኑ ከይርድኦም ይኽእል።

ንቕሩብ ኣዋርሕ ጥራይ ተአሲርካ እንተኤርካ ኣብ ማመልከቻኻ ከይጸሓፉክ ክትገድፎ ትኽእል ኢኻ። ንነዊሕ ጊዜ ተአሲርካ እንተነይርካ ግን፡ ክትገድፎ ኣሸጋሪ እዩ። ስለዝኾነ ዝተኣሰርካሉ መዓልታትን ምኽንያታትን ክትገልጾ ይግባእ። ንኣብነት 'ብፖለቲካዊ መርገጽየይ ምኽንያት ተኣሲረ ነይረ' ዘመሰሉ ክትጽሕፍ ትኽእል።

www.advice-resources.co.uk

## ኣብ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ምስታፈይ ብኸመይ ክገልጾ ይኽእል?

ናይ ነፍስወከፍ ሰብ ኩነታት ዝተፈላለየ ስለዝኾነ፡ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ሓፈሻዊ ዝኾነ ምኽሪ ክትህብ ኣጸጋሚ እዩ። ስለዝኾነ ድማ እቲ ዝነበረካ ናይ ፖለቲካዊ ንጥፈታትን ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣብ ብሃብ ባዕልኻ ክትውስኖ እቲ ዝበለጸ መንገዲ እዩ። እዞም ዝነበሩኻ ንጥፈታት እንታይ ዓይነት ብቕዓት፡ ልምዲን ፍልጠትን አለካ ከርእዩ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ እቲ ዝነበረካ ናይ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ብግልጺ ክተቕርቦ ባዕልኻ ክትውስን ይግባእ። ከምእውን ነዞም ንጥፈታት ብኻልእ መንገዲ ከተቕርቦም ትኽእል ኢኻ፤ ንኣብነት

- ኣብ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበራት፡ ናይ ንግዲ ማሕበራት፡ ማሕበር ደቀንትዮ፡ ማሕበር መሰል ውሁዳን ወዘተ ዝኣመሰሉ ብወለንታኻ ምግልጋል፡
- ኣብ ገስጋስ ኣንጻር ጭቆና ቀልዑ፡ ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ወዘተ ተሳትፎ ምግባር፡
- ኣብ ማሕበረ ኮም ስራሓት ምስታፍ

ናይ ፖለቲካዊ ንጥፈታትካ ብግልጺ ወይድማ እቲ ዘረኸብካዮ ተሞክሮን ፍልጠትን ክትገልጽ ትጠራጠር እንተኾንካ፡ ብኽብረትካ ምስ ኣማኻሪ ክትመያየጠሉ ይግባእ።

ብሰንኺ ዝነበርካ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ዝኻዕበትካዮም ሰፍሕ ዝበሉ ክእለታትን ብቕዓታትን መብርሂ ክትህብ ትኽእል ኢኻ። ገለ ካብ ኣብነታት፡

- ንጥፈታት ምውህሃድ
- ሰባት ምእላይ
- ናይ ፋይናንስ ኣመሓድራ
- ብድሩት ዓቕሚ መደባት ምውህሃድ
- ንዱሩታት ኣካልት ድጋፍ ምቕራብ
- ንዝመጽእ ለውጢ ቀልጢፍካ ምምስሳል
- ሸምግልና
- ምፍታሕ ግጭታት/ምስሕሓባት

ከምእውን ብሰንኺ ዝነበርካ ፖለቲካዊ ንጥፈታ ዘጥረኻዮም ፍልጠታትን መረዳእታታትን ከም መወከሲ ክትጥቀመሎም ትኽእል ኢኻ፡ ንኣብነት፡

- ጉዳያት ሰብኣዊ መሰላት
- ሰፊሕ ናይ ፖለቲካዊ፡ ወይ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊን ሲቪላውን መረዳእታ፡
- አህጉራውን ሃገራውን ናይ አከባቢ ጉዳያት፡
- ጉዳያት ማዕርነትን ሰፊሕነትን

## ንዘመልክቶ ዘለኹ ስራሕ ካብ ዝጠልቦ ብቕዓት ዝለዓለ ብቕዓት ህልዩኒ እንተጸኒሔ’ኼ?

ኣብ ናይ ስራሕ ሓላፊነታትን ዓይነት ዝብል ክፋል ከተተኩር ይግባእ። ነቲ ስራሕ ጹቡቕ ጌርካ ክትሰርሖ ከምትኽእልን ኣብቲ ትካል ክትሰርሕ ድሌት ከምዘለካ ጥራሕ ንኣስራሒ የእምኖ። ብተወሳኺ ንዝወሃበካ ስራሕ ክትሰርሕ ቅሩብ ምዃንካ ከተርእይ ይግባእ።

## ብዛዕባ ቃለ መጠይቕ ክፈልጦ ዝግበአኒ ነገር እንታይ አሎ?

ኣብ ጊዜ ቃለ መጠይቕ (interview) ንስኻ ነቲ ማሕበር እንታይ ክትገብረሉ ከምይኽእልን ብዛዕባኻ ክፈልጠ መብርሂ ትህበሉ ዕድል እዩ። ምስ ሓደ ወይ ብዙሓት አባላት ሰራሕተኛ እቲ ማሕበር ክትራኸብ ትኽእል። እዚ ኸኣ ብዛዕባ ናይ ስራሕ ሓላፍነት፡ ዝድለ ሰብ ወይ ማመልከቻኻ ክኸውን ይኽእል።

ንዝኽፈሎ ስራሕ ተመልክት እንተሃሊኻ፡ እዚ ቃለ መጠይቕ ቕጥዓዊ እዩ። ንወለንተኛ ስራሕ እንተኾይኑ ግና ዝተዛነየን ዘይቕጥዓዊ ክኸውን ይኽእል። ከተስተውዕሎ ዘለካ ነገር ግና፡

- ንነብስኻ ኣካላውን ሞራላውን ከተዳልዎ ይግባእ



Produced for advice-resources by RAGU, London Metropolitan University, July 2006. Last updated: Sept. 2008.

- ናይ ዘለካ ክእለትን ተመኩሮን ኣብነት ክትህብ
- ዝኾነ ሕቶ እንተዘይተረዲእካ ክድገመልካ ወይ ቅልል ብዝበለ መንገዲ ክቐርበልካ ሕተት

## ድሕሪ እቲ ቃለ መጠይቕ፡ ከመይ ከምዝነበረ ክሓትት ይኽእል'ዶ?

ብዛዕባ ዝገበርካዮ ቃለ መጠይቕ ከመይ ከምዝነበረ ('feedback') ምሕታት ልሙድ እዩ። እዚ ኸኣ ብኣባል እንታይ ጽቡቕ ገርካን እንታይ ከተመሓይሾ ኣለካ ምንጋር ከጠቓልል ይኽእል። እዚ ድማ ብቴሌፎን ወይ ብጽሑፍ ክግበር ይከኣል። ኣብ ጊዜ ቃለ መጠይቕ ጽቡቕ እንተዘይ ተዋሲእካ፡ እጽቡቕ ጌርካ ክትዳሎ ይግባእ። ብተወሳኺ እዚ 'መሰርሕ ቃለ መጠይቕ' ክትለማመደ ይግባእ። እዚ ድማ ንናይ ስራሕ ኣማኸርቲ 'ቀንዲ ነጥብታት' ብዛዕባ ቃለ መጠይቕ ክህቡኻ ክትሓትት ትኽእል።

## ንቃለ መጠይቕ እንተዘይተጸዊዔ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

- ንዝቕረብካዮ ማመልከቻ ተመሊስካ ርኣዮ። እቲ ማሕበር ዝደልዮ ክእለት ኣለካ ዶ?
- ከተስተውዕሎ ዝግባእ መብዛሕቲኦም ስራሕ ብዙሕ ተወዳዳርነት ኣለዎ። ቅድሚ ምምልካትካ ብዛዕባ እቲ ስራሕ፡ ማሕበር ወይ ትካል ኣጸቢቕካ ክትፈልጥ ይግባእ።
- ማመልከቻኻ ኣብ ቀንዲ ትደልዮ ስራሕ ዘተኮረ ክኸውን ይግባእ

## ብዛዕባ ናይ ባዕልኻ ስራሕ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

ካብ ተቖጺርካ ምስራሕ፡ ናይ ባዕልኻ ስራሕ ክትሰርሕ ትደሊ ትኸውን። ሓደሓደ ናይ ስደተኛ ማሕበራት ከመይ ጌርካ ናይ ባዕልኻ ስራሕ ከምትጅምር ዝምህርቲ ትምህርትታት ይህባ እየን። ኣብ ከባቢኻ ንዝወሃብ ትምህርቲ ንቤት ጽሕፈት **One Stop Service** ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። Mainstream ኣቕረብቲ ምኽርን ሓገዝን ክቕርቡ ይኽእሉ እዮም፡ እንተኾነ ግና እቲ ትደልዮ ብንጹር ዘይትፈልጦ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

እዚ ናይ ባዕልኻ ስራሕ ዝኸውን መደብ ከተውጽእን ሓገዝ ክትረክብን ኣገዳሲ እዩ። መበገሲ ዝኾነኻ ገንዘብ ክትረክብ ኣሸጋሪ እዩ። ንናይ ከባቢ ናይ ንግዲ ትካል (**Local Enterprise Agency**) ክተዘራርቦም ትኽእል። ኣድራሻ ናይ ከባቢ ናይ ንግዲ ትካል ኣብ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክተንብብ ትኽእል። [www.nfea.com](http://www.nfea.com).
ብዝበለጸ፡ ብዛዕባ እዚ ናይ ባዕልኻ ስራሕ ምኽፋት  ኣብዛ ስዒባ ዘላ መርበብ ሓበሬታ ክተንብብ ትኽእል። [www.refugeesintobusiness.org.uk](http://www.refugeesintobusiness.org.uk) ። እዞም ትረኽቦም ሓበሬታት ንስደተኛታት ተባሂሎም ስለዝዳለዉ፡ እንታይ ከተማልእ ከምዘለካ ሓበሬታ የቕርቡ እዮም። ከምኡ'ውን ንማሕበር ስደተኛታት ከራኽቡኻ ዝኽእሉ መሳለጥያታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ነዚ ናይ ባዕልኻ ስራሕ ዝኸውን ብዙሕ ሓበሬታ ክትእክብ ይግባእ። ትደልዮ ሓበሬታ ኣብ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክተንብብ ትኽእል።

- [www.businesslink.gov.uk](http://www.businesslink.gov.uk)
- [www.smallbusinessadvice.org.uk](http://www.smallbusinessadvice.org.uk)

ንኣብ ክሊ 18-30 ዕድመ ዝርከቡ ናይ ባዕሎም ስራሕ ክጅምሩ ዝደልዩ ሰባት ማሕበር **Prince's Trust** ሓገዝ የቕርብ እዩ። እዚ ሓገዝ ድማ ናይ ምኽሪ ወይ ናይ ገንዘብ ክኸውን ይኽእል። ነዚ መምርሒ ዝኸውን ኣብ ዝቕጽል መርበብ ሓበሬታኦም ክትርእይ ወይ ብቁጽሪ ስልኪ 0800 842 842 ክትድውል ትኽእል።
[www.princes-trust.org.uk](http://www.princes-trust.org.uk)

ቤት ጽሕፈት **Jobcentre Plus** 'ውን ክተሓባበር ይኽእል እዩ። ብቑዕ እንተኾይንካ ናብ ዝተፈላለዩ ናይ Jobcentre መደባት ከም New Deal ክትሳተፍ ትኽእል። ኣብዚ ኸኣ ተወሳኺ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል።

ADVICE RESOURCES

# ካብ ወጻኢ ሃገር ዝተረኸበ ብቕዓትን ተመኩሮን ኣብ ግብሪ ምውዓል

## መምርሒ ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን



### ካልእ ሃገር ዝረኸብኩዎም ሞያታት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ተቐባልነት ክህልዎም ይኽእል' ዶ?

ካብ ካልእ ሃገር ዝረኸብካዮ ብቕዓትን ናይ ስራሕ ልምድን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከባ ኮሌጃት፡ ዩኒቨርሲቲታትን ኣስራሕትን ተፈላጥነት ክረክብ ይኽእል እዩ። ስለዚ ዝኾነ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ወጻኢ ዝጥረኻዮ ክእለት ምስ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ክእለአት ደረጃኡ ከተወዳድር ይግባእ። ምንም እኳ ንብቕዓትካ ዘረጋግጽ ሰነዳት ኣይሃልኻ፡ ንዘለካ ክእለት ተፈላጥነት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ ግና ተፈላጥነት ክትረክብ ቐሊል ኣይኮነን፤ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምንም እኳ ሕጋዊ ዝኾነ ተፍላጥነት ኣይትርከብ፡ ንዘለካ ክእለት ተፈላጥነትን ክብርን ክትረክብ ትኽእል።

### ነቲ ኣብ ወጻእ ሀገራት ዘጥሬኹዎ ብቕዓት ምስ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ብቕዓት ስለምንታይ የወዳድሮ?

ዘለካ ብቕዓት ምንጽጻር፡ ንመጻኢ መደባትካ ክትሕንጽጽን ካልኦት ሰባት ድማ፡ ብፍላይ ከም ኣማኸርቲ፡ ትምህርታዊ ትካላትን ኣስራሕትን፡ ዘለካ ናይ ትምህርትን ስራሕ ልምድን ድሕረ ባይታ ብቐሊሉ ክርደኦም ይኽእል።

### ካብ ካልእ ሃገር ዝተረኸብክዎም ብቕዓታትን ብኸመይ ተወዳድሮ?

ናብ ሰበስልጣን ንኽነጻጸር ከተቕርቦ ከለኻ፡ ዘለካ መርትዖታት ከተቕርብ ይግባእ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ **NARIC** ዝበሃል ማሕበር ብቕዓትካ ብኸመይ ከተወዳድር ትኽእል ምኽሪ ክህበካ ይኽእል እዩ። ናይ NARIC's ሓበሬታ ክጥቐምሉ ዝኽእሉ ብዙሓት ኣማኸርቲ ስለዝርከቡ፡ ዝለካ ብቕዓት ደረጃኡ ብነጻ ክነግሩኻ ይኽእሉ እዮም። ወይ ናብ ዝሰዕቡ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ፤

- www.naric.org.uk (ንኣካዳሚያዊ ወይ ትምህርታዊ ብቕዓታት)
- www.uknrp.org.uk (ንሞያዊ ብቕዓታት)

ማሕበር NARIC ንስደተኛታት ብቁጽሪ ስልኪ **0870 990 4088** እንተደዊሎም ብነጻ ናይ ብቕዓት መንጽጻር ምኽሪ ይህብ እዩ። እንተኾነ ደዋሊ ሰብ እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ከቕርብ ይግብኦ፡

- ናይ ብቕዓት ማዕረግ
- ስም ብቕዓት ዝሃበ ትካል
- ትምህርቲ ክውዳእ ዝወዳእሉ ጊዜ
- ትምህርቲ ዝተጠናቐቐሉ እዋን/ምረቓ

ብተወሳኺ NARIC ብቕዓትካ ብኸመይ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክነጻጸር ከምዝኽእል ብጽሑፍ ክገልጸልካ ይኽእል እዩ። ናይ ምንጽጻር ምስክር ወረቐት (Statement of Comparability) (ብኢንተርነት ንዘመልክቱ ሰባት ናይ £47.00 ወይ £39.95 ይኸፍሉ) ዘለካ ብቕዓት ምስ ኣየናይ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ብቕዓት ማዕረ ምዃኑን ማሕበር NARIC ከምዘረጋገጸ ዝገልጽ ደብዳቤ እዩ።

### ዘለኒ ብቕዓት ካብቲ ጉቡኡ ኣትሒቶም እንተ መዚኖሞ እንታይ ክሰምዓኒ ይግባእ?

ካብ ማሕበር NARIC ዝወሃብ መረጋገጺ ከም መወከሲ እምበር ልክዕ ክኸውን ኣይክእል እዩ። ስለዝኾነ ድማ ሓደ ሓደ ሰባት ዘሎዎም ብቕዓት ትሕቲ እቲ ዝገምትዎ ኮይኑ ስለዝረኸብዎ ሕጉሳት ከይኮኑ ይኽእሉ። እቲ ዝተወሃብ ውሳኔ ነቲ ዘለካ ብቕዓት ኣዝዩ ኣትሒትዎ እዩ ኢልካ ትሓስብ እንተኾይንካ፤ ናብ ቤት ጽሕፈት **NARIC ክትከይድ** ወይ ብቁጽሪ ስልኪ 0870 990 4088 ደዊልካ ከተዘራረብ ትኽእል።

www.advice-resources.co.uk

ከተስተውዕሎ ዝግበኣካ ነገር ንብቕዓትካ ምርግጋጽ ድማ ካልእ መምዘኒታት ከም ትምህርትኻ ክትውድእ ዝወሰደልካ ጊዜ፡ ትሕዝቶ ትምህርቲ ወይ ዝና ናይ ዝተመሃርካሉ ዩኒቨርሲቲ፡ ኣብ ግምት ይኣትዉ እዮም። ብዛዕባ እዚ ምስ ስራሕተኛ፡ ኮሌጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ክትዘራረብ ከለኻ ክትገልጸሎም ትኽእል።

## ንዘሎኒ ትምህርታዊ ብቕዓታት በየናይ መንገዲ ከነጻጽሮ ይኽእል?

ኣብ ዓድኻ ትምህርታዊ ዝኾነ ብቕዓት (ንምሳሌ፤ ዶክተር፡ ጠበቓ፡ መሃንዲስ ወይ መምህር) እንተሃሊካ፡ ንትምህርታዊ ኣካላት ከተዘራርብ ይግባእ። ኣን ዓዲ እንግሊዝ እዚ ዘለካ ትምህርቲ ብኸመይ ይነጻጸር ክነግሩኻ ይኽእሉ እዮም። እዚ ትምህርታዊ ኣካል ዝበሃል ነዚ ናይ ምንጽጻር ምጽራይ ዝገብር ኣካል እዩ። እዚ ትምህርታዊ ኣካል ዝበሃል ማሕበር ንናይ ወጻኢ ትምህርትታት ዝመዝነሉ ናይ ባዕሉ መንገዲ ኣለዎ። ገለ ካብዚ መንገዲ ድማ መረጋገጽእ ካብ ማሕበር NARIC ወይ ክልእ መንገዲ ክኸውን ይኽእል።

## ንብቕዓተይ ስለምንታይ ወግዓዊ ተፈላጥነት ክረኽበሉ አሎኒ?

ንዘለካ ብቕዓት ናይ ምንጽጻር መረጋገጺ እንተለካ፡ ተፈላጥነት ክትረኽበሉ ትኽእል ምኺንካ ክተረጋግጽ ይግባእ። እዚ ኸኣ ንትምህርቲ መእተዊ ዝኸውን ረቛሒ ምምላእ ወይ ንኣስራሒ ዝወሃበካ ስራሕ ክትሰርሖ ትኽእል ምኺንካ ምርግጋጽ ክኸውን ይኽእል።

**ንዘለካ ብቕዓት ኣብ ስራሕ ተፈላጥነት ምርካብ**

ንሓደ ሓደ ብቕዓታት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክትጥቀመሎም እንተዲኻ፡ ኣቐዲምካ ብዝምልከቶ ኣካል ወይ ማሕበር ወይ ምኽሪ ቤት ከተረጋግጾ ሕጋዊ ግዴታ ይህልዎም። ገለ ካብዞም ብቕዓታት፡ ምምህርና አርኪተክትን መብዛዕቲኦም ናይ ጥዕና ሞያታት የጠቓልል። እዚ ማለት ከኣ ብዝምልከቶ ኣካል ዝወጹ ረቛሒታት ከተማልእ ይግባእ።

ንኻልኦት ሞያታትን ግን ሕጋዊ ግዴታ ዘይብሎም ክኸውን ይኽእል፡ እንተኾነ ግና ካብ ዝምልከቶ ኣካል (ንምሳሌ፡ ምህንድስራ ወይ ኤለክትሪሻን) ተፈላጥነትን ኣባልነት ክትረክብ ኣገዳሲ እዩ። ተፈልጥነት ክትረክብ ሕጋዊ ግዴታ እንተዘይብልካ፡ ካብ ካልእ ሃገር ዝረኸብካ ብቕዓት ኣስራሕቲ ቕበልዎን ከይቕበልዎን ይኽእሉ። ካብ NARIC ዝረኸብካዮ መረጋገጺ ክርእይዎ ወይ ኣብ ስራሕ ልምድኻን ቓለ መጠይቕ ክምርኮሱ ይኽእሉ።

**ንዝለኻ ትምህርታዊ ብቕዓት ተፈላጥነት ምርካብ**

ኣብ ዝለዓለ ደረጃ (ንገለ ዝቕጽል ትምህርቲ) ክትመሃር ከተመልክት እንተደሊኻ ዘለካ ደረጃ ትምህርቲ ከተርእይ ትኽእል። እንተደኣ ማሕበር NARIC ተቐቢልዎ ኮይኑ፡ መብዛሕቲኡ እዋናት ተቐባልነት ይህልዎ። እንተዘይ ኮይኑ፤ ንዓበይቲ ተምሃሮ (ካብ 21 ዓመት ንላዕሊ) እቲ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮሌጅ ተዓጻጻፍነት ክህልዎ ስለዝኽእል ከተዘራርቦም ይግባእ።

## ንዘለኒ ናይ ስራሕ ልምዲ ብኸመይ ተፈላጥነት ክረክብ ይኽእል?

ንዘለለካ ናይ ስራሕ ልምዲ ተፈልጥነት ክህልዎ ምስክር ወረቐት ወይ ነጥቢ ዝገልጽ ወረቐት ክህልወካ ይግባእ። እንተኾነ ምስክር ወረቐትካ ምሳኻ እንተዘየለ፡ ናይ ስራሕ ልምድኻ ተፈላጥነት ትረኽበሉ ዝተፈላለየ መንገዲ ኣሎ።

**ፖርቶፎልዮታት**

ፖርቶፎልዮ (portfolio) ዝበሃል፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት እንታይ ከምገበርካ ዘረጋግጹ ዶክምነትታትን ምርትዖታታ ዝሓዘ ሰነድ እዩ። ብተወሳኺ፡ ናይ ዘለካ ክእለትን ናይ ስራሕ ልምድን ዝኸውን መረጋገጺ የጠቓልል። ስለዝኾነ፡ ፖርቶፎልዮኻ እዋናዊ ክትገብሮን ኣብ ግብሪ ከተውዕሎ ይግባእ። ቐንዲ ረብሓ ምድላው ፖርቶፎልዮ ቐጺሎም ተዘርዚሮም ይርከቡ፡

- ዘለካ ጥበብን ክእለትን ብንጹር ክትፈልጦ ትኽእል
- ነብስኻ ብዝበለጸ መንገዲ ከተቕርባ ይሕግዝ
- ዘለካ ኣገዳሲ ሓበሬታ ንኻልእ ሰብ ከተርኣይ ቐሊል ይኾነልካ

www.advice-resources.co.uk

ዘዳለኻዮ ፖርቶፎልዮ ንናይ ስራሕ ኣማኸርቲ፡ ኮሌጅ፡ ዩኒቨርሲቲ፡ ኣስራሕቲ ወይ ንቤት ጽሕፈት One Stop Service ከተርእዮም ትኽእል። ከምኡ'ውን ፖርቶፎልዮኻ፡ ንኮሌጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ንትምህርቲ ወይ ንወለንተኛ ይኹን መደበኛ ወይ ናይ ግልኻ ስራሕ ክትጥቀመሉ ትኽእል።

እዚ ፖርቶፎልዮ፡ ዘለካ ትምህርቲን ናይ ስራሕ ልምዲ ናይ ዘረጋግጹ ወረቓቕቲ ቅዳሕ ክህልዎ ይግባእ። ብተወሳኺ ዘለካ ዝኾነ ዓይነት ምስክር ወረቐት፡ ከምኡ'ውን፡

- CV
- ካብ ኣስራሕቲ (ብደሞዝ ወይ ብወለንተኛ ዝሰራሕካዮ ስራሕ) ዝረኸብካዮ ደብዳቤ
- ናይ ኮሌጅ ወይ ዩኒቨርሲትዩ ትምህርትኻ ነጥቢ ዝገልጽ ምስክር ወረቐት
- ናይ ዝኾነ ዝገበርካዮ ምርመራዊ መጽናዕቲ ዝገልጽ ሓጺር መግለጺ
- ስእልታት ናይ ዝመሃዝካዮም ስራሓት (ንስእልቲ፡ ዲዛይነራት፡ ኣርኪተክት ዝምልከት)
- ምስ ኣማኸሪ ኮይንካ ዘውጻእካዮ ናይ ስራሕ መደብ
- ብዛዕባኻ ወይ ባዕልኻ ኣብ ጋዜጣ ወይ መጽሔት ዝጸሓብካዮም ጽሑፋት
- ካልእ ዝኾነ ኣብ ትምህርትኻ ወይ ስራሕካ ዝረኸብካዮም ብልጫታት

## Assessment of Prior Experiential Learning (APEL)

APELዝበሃል ኣብ **ብልምዲ ስራሕ ዝርከብ ትምህርቲ ዘተኮረ** እዩ። እዚ ስራሕ ድማ፡ መደበኛ፡ ወለንተኛ ወይ ዝንባሌ፡ ምስ ዕቤት ዝርከብን ምስክር ወረቐት ዘይብሉ ስራሕ ወይ ስልጠና ዘተኮረ እዩ። ኣብ APEL ናይ ትምህርቲ፡ ፍልጠት፡ ጥበብን ክእለትን ተፈላጥነት ክትረክብ ትኽእል። ኣብ ዝቕጽል ወይ ንዝለዓለ ትምህርቲ ዘገልግል እዩ። እዚ ትምህርቲ ድማ ኣበይ ቦታ ተወሲዱ፡ ብምታይ ቋንቋ ተዋሂቡን ምስዚ ትምህርቲ ዝኸይድ ነገር ኣየገድስን እዩ።

ንሕሉፍ ተመኩሮኻ ተፈላጥነት ክትረክብ እንተደሊኻ፡ ኣብ ላዕሊ ከምዝተጠቐሰ ፖርቶፎልዮ ከተዳሉ ይግባእ። እተዳልዎ ፖርተፎልዮ ድማ በኣርባዕተ ረቛሒ ይምዘን፡ እዚኦም ከኣ፡

- እቲ ፖርተፎልዮ ርጉጽን ኣተኣማንን ዲዩ?
- ንዘቕረብካዮም ነገራት እኹል መርትዖታት ቀሪቦም'ዶ?
- እቲ ዘቕረብካዮ መረጋገጺ ብንጹር ናትካ ዲዩ?
- እቲ ዘለካ ትምህርቲ እዋናዊ ዲዩ ወይ ግዚኡ ዝሓለፎ?

**ወለንተኛነት**

ናይ ወለንተኛ ስራሕ ምስራሕ፡ ንዘለካ ስራሕ ልምዲ ከተማዕብለሉ ትኽእል። ከምኡ'ውን ናይ ወለንተኛ ስራሕ ብምስራሕ፡ እንታይ ክእለት ከምዘለካ ዝገልጽ ናይ ዓዲ እንግሊዝ መወከሲ ክትረክብ ትኽእል። ከም ደረጃ ክእለትካን ስራሕ ልምድኻ ዝኸውን ናይ ወለንተኛ ስራሕ ክትረክብ ኣሸጋሪ ክኸውን፤ እንተኾነ ግና ናይ ምስራሕ ድሌት ንመጻኢ ክሕግዘካ ይኽእል። ንኣብነት፡ ንስኻ ናይ ጥዕና በዓል ሙያ እንተኾይንካ፡ ኣብ ሆስፒታል ናይ ወለንተኛ ስራሕ ምስራሕ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ዘሎ ናይ ጥዕና ኣሰራርሓ ዝበለጸ ፍልጠት ክትረክብ ይኽእል።

**ንናይ ሙያ ስራሕ ልምዲ ተፈላጥነት ምርካብ**

ትምህርቲ ወይ መወከሲ ዘይብሉ ፍሉይ ዝኾነ ናይ ጉልበት ስራሕ ልምዲ ከም ድራውሊኮ ወይ ነዳቓይ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ ግን ነዚ ዓይነት ሞያ ተፈልጥነት ክትረኽበሉን ትምህርቲ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ። በዚ ክእለትካ ትሰርሕ እንተሃሊኻ፡ ካብ OSAT (ኣብ ስራሕ ቦታ ዝግበር ግምገማን ስልጠናን) ወረቐት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ግን ብመንገዲ ኣስራሒኻ ኣቢሉ ክዳሎ ይግባእ። ናብ ትሰርሓሉ ቦታ ናትካ ክእለት ንምግምጋምን ኣብዘም ክእለታት ዘሎ ሀጓፍ ንምምዛን ተቆጻጸርቲ። ኣብዚ መስርሕ እዚ ድማ ዕውት እንተኾንካ NVQ ዝበሃል ወረቐት ትወሃብ። ብዛዕባ እዚ መደብ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኻ፡ ኣብ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ከተንብብ ትኽእል። www.citb-constructionskills.co.uk.

ADVICE RESOURCES

# ምርግጋጽ ብቕዓት

## መምርሒ ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን



### ምርግጋጽ ብቕዓት ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ዝኾነ ናይ ትምህርቲ ብቕዓት እንተለካ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክትሰርሕ ትኽእል ምኻንካ ወይ ምርግጋጽ ናይዚ ብቕዓት (requalify) የድለይካ ድዩ ኣየድልየካን ክትፈልጥ ትደሊ ትኸውን። እዚ ምርግጋጽ ብቕዓት (Requalification) ዝበሃል ኣብ ዓዲ እንግሊዝ **ነዚ ዘለካ ቁጽጽር ዘድልዮ ብቕዓት ብሕጋዊ መንገዲ ንኽትሰርሕ እትገብሮ ናይ ምርግጋጽ መስርሕ እዩ** (ንኣብነት፡ ፈተና ወይ ትምህርቲ ምውሳድ)። ቁጽጽር ዘየድልዮ ብቕዓት እንተኾይኑ ግን ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ፡ እንተኾነ ግና ምርግጋጽ ብቕዓት ምግባር ስራሕ ቀልጢፍካ ክትረክብ ትኽእል። ምንም እኳ ናይ ስራሕ ፍቓድ እንተዘይብልካ፡ ግዜኻ ኣብ ብቕዓትካ ምምርማርን ንመስርሕ ምርግጋጽ ዘድልየካ ነገር ምቅርራብ ክትገብር ይግባእ። ካብ ኣማኻሪን ትምህርታዊ ኣካል **ምኽሪን መምርሕን ክትሓትት ኣገዳሲ** እዩ።

### ክስተውዕለሉ ዝግባእ ነገር እንታይ ኣሎ?

እዞም ዝስዕቡ ነገራት ከተስተውዕሎም ይግባእ፡

- እዚ መስርሕ ናይ ምርግጋጽ ብቕዓት ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል
- እዚ መስርሕ ናይ ምርግጋጽ ብቕዓት ክቡርን ውሑድ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ጥራይ ይርከብ
- ልዑል ዝኾነ ናይ ቋንቋ እንግሊዘኛ ክእለት ክህልወካ ይግባእ
- ምንም እኳ ብቑዕ እንተኾንካ፡ ስራሕ ክትረክብ አሸጋሪ ክኸውን ይኽእል
- ናይ ዓዲ እንግሊዝ ስርዓትን ናይ ስራሕ ባህሊ ክትፈልት ይግባእ
- ነዚ ምርግጋጽ ብዕዉት ክትፍጽም ክንድዘወሰደ ግዜ ይውሰድ ክትውስን ክዉን ዝኾነ መደብ ክህልወካ ይግብእ

### ቁጽጽር ዝግበሮሎምን ዘይግበረሎም ብቕዓታት እንታይ ማለት እዩ?

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ መብዛሕቲኡ ብቕዓት ቁጽጽር (regulated) ይግበረሉ እዩ፡ እዚኦም ከኣ ከም ሕክምና፡ ምምሃር ወይ ኣርኪተክቸር ክጥቀስ ይከአል። እዚ ማለት ድማ ከይተመዝገብካ በዞም **ሞያታት ክትጥቀመሎም ብሕጊ ዝተኸልከለ እዩ**። ብቕዓትካ ቁጽጽር እንተ ተግይርሉ፡ ክትምዝገብ ምእንታን ናይ ዝምልከቶ ኣካል መለኪዒ ከተማልእ ይግባእ። እዞም መለኪዒታት ድማ ንዝተፈላለየ ብቕዓት ዝተፈላለዩ እዮም።

ሓደሓደ ስራሓት ከም ኢንጂነሪንግ ወይ ፋይናንስ ዝኣመሰሉ ግን ቁጽጽር ኣይግበረሎምን (unregulated) እዩ። ስራሕካ ድማ ናይዞም ዓይነት ስራሕ እንተኾይኑ፡ ኣብ **ዓዲ እንግሊዝ ክትጥቀመሎም ኽእል ኢኻ**። እንተኾነ ግና፡ መብዛሕቲኦም አስራሕቲ ወይ ዓማዊል ፈተና ክትወስድ ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም። ምሕላፍ ናይዚ ፈተና ድማ፡ ካብቲ ነቲ ፈተና ዘዳለዎ ናይ ትምህርቲ ኣካል ተቐባልነት ክትረክብ ትኽእል።

### በዓል ሞያ ዝበሃል መን እዩ?

በዓል ሞያ (professional body) **ነዚ ናይ ምርግጋጽ ብቕዓት መስርሕ ክመኽረካ ይኽእል እዩ**። እዚ መስርሕ ድማ ኣብ ገሊኡ ጉዳያት ከቡድ ኣብ ገሊኡ ድማ ቀሊል ክኸውን ይኽእል። እዞም በዓል ሞያተኛታት ብዝህብዎ ኣገልግሎትን ንጥፈታትን ክፈላለዩ ይኽእሉ እዮም። ኣብ መብዛሕቲኡ እዋናት ድማ **ንብቕዓት ዝኸውን ቁጽጽርን መለኪዒታት** የውጽእ። ካልኦት ድማ ናይ ሓገዝን ናይ ኣባልነት ኣገልግሎት ዘቕርቡ ጥራሕ ክኾኑ ይኽእሉ። ብዛዕባ እዞም ትምህርታዊ ኣካላት ዝበለጸ ሓበሬታ ኣብ ኢንተርነት ክትረክብ ትኽእል።

www.advice-resources.co.uk

Produced for advice-resources by RAGU, London Metropolitan University, July 2006. Last updated: Sept. 2008.

## እዚ ምርግጋጽ ብቕዓት ጠቕሚ አለዎ’ዶ?

መስርሕ ምርግጋጽ ብቕዓት ኣሸጋሪን ዘጨንቕን ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዛዕባ እዚ ኣጸቢቕካ ክትሓስበሉ ይግባእ። ስለዝኾነ ነዚ ክሕግዘካ ዝኽእል ዝርዝር ዝኾነ መበድን ኣማኻሪ ክህልወካ ኣለዎ። ምስ ኣማኻሪኻ ድማ እዚ መስርሕ ምርግጋጽ ብቕዓት ዝበለጸ መንገዲ ድዩ ኣይኮነን ክትፈልጥ ምስ **ኣማኻሪኻ ክትመያየጠሉ** ኣለካ።

ነዚ መስርሕ ምርግጋጽ ብቕዓት ክትገብር ክትሓስብ ከለኻ፡ ዕድመኻን ናይ ገንዘብ ዓቕምካ ኣብ ግምት ከተእትዎ ይግባእካ። ብሓፈሹ ኩሉ ነገር ኣብ ግምት ከተእቱ ኣለካ። ገለገለ ሰባት ካልእ ኣማራጺ ከም ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ ምስራሕ ወይ ስራሕ ክቕይሩ ይመርጹ እዮም።

ገለ ካብ ንነብኻ ክትሓታ ዝግበአካ ነረጋር፡

- ክንደይ ገንዘብ ይውድእ?
- ክንደይ ግዜ ይወስድ?
- ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እዚ ስራሕ ተደላይነቱ ማዕረ ክንደይ እዩ?
- ዘለኒ ብቕዓት ናብ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ብቕዓት ክቕየር ይኽእል’ዶ?
- ስራሕ ኣብ ምርካብ ዘሎ ምውድዳር ደርጅኡ ማዕረ ክንደይ እዩ?

## ነዚ መስርሕ ምርግጋጽ ብቕዓት ክፍጽም ዘኽእሉኒ ተግባራዊ ደረጃታት አየኖት እዮም?

ዝኣኽለካ መጽናዕቲ ድሕሪ ምግባር፡ ነዚ መስርሕ ምርግጋጽ ብቕዓት ክትገብሮ እንተወሲንካ፡ ዋላ ናይ ስራሕ ፍቓድ ኣይሃልኻ ክትወስዶም ትኽእል ስጉምትታት ኣለዉ። ዘለካ ክእለት ምምዕባል ንመጻኢ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

ኣብ ዝስዕቡ ነጥብታት ከተተኩር ይግባእ፡

- ክእለት ቋንቋ እንግሊዘኛኻን ናይ ርክብ ክእለትካ ከተማዕብል
- ናይ ስራሕ ልምዲ ክትረክብ ክትጽዕር
- ንስራሕካ ዝምልከት ዝወሃብ ትምህርቲ ምምሃር
- ኣብ ናይ ብቕዓትካ ዝርዝር መዝገብ ክትምዝገብ (ኣብዚ እዋን ናይ ዶካትር፡ ሓኪም ስንታት፡ ነርሳትን መሃንዲሳት ይርከብ)
- ናይ ‘መሰጋገሪ’ ትምህርቲ ክትወስድ
- ፖርቶፎሊዮኻ ከተዳሉ
- ርክብ ምፍጣር
- ዘለካ ብቕዓት ምግምጋም
- ንብቕዓትካ ዝምልከት ናይ ስራሕ ዝርዝር ምፍላጥ

## ብዘይካ እዚ መስርሕ ምርግጋጽ ብቕዓት ካልእ እንታይ ኣማራጺ አሎ?

ነዚ መስርሕ ምርግጋጽ ብቕዓር ዝኸውን ኣማራጺ ኣሎ። ንኣብነት ኣብ **ተመሳሳሊ ስራሕ ምስራሕ** ወይ ሓዲሽ **ብቕዓት ምጥራይ** ዝኣመሰሉ ክጥቀስ ይከኣል። ቀሊል ዝኾነ ኣማራጺ ስለዘየለ ቕድሚ ምውሳንካ ንናይ ስራሕ ኣማኻሪ ከተዘራርብ ጠቓሚ እዩ። እዚ ኸአ ነቲ ዘለካ ክእለትን ጥበብን ፈሊኻ ክትፈልጥ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። እቲ ዘለካ ብቕዓት ናብ ካልእ ብቐሊሉ ክቕየር ይኽእል እዩ።

ዘለካ ብቕዓት ክትቕይር ዘይትደሊ እንተኾንካ ድማ፡ ኣብ ደረጃ ቴክኒሻን ክትሰርሕ ትኽእል። እዚ ዓይነት ስራሕ ፍሉይ ዝኾነ ጥበብን ፍልጠትን ዝሓትት ክኸውን ይኽእል እኳ እንተኾነ ውሱን ሓላፍነት ኣለዎ። ዝበዝሑ ስራሓት ድማ ካብ ዝነበረካ ስራሕ ልምዲ ተጠቒምካ ክትሰርሖም ትኽእል። እንተኾነ ግና፡ ነቲ ዘለካ ክእለት ከተማዕብሎን ናብ ደረጃ ዓዲ እንግሊዝ ስርዓት ክትቕይሮ ይግባእ።

ናይ ስራሕ ማእዝንካ ክትቕይር እንተወሲንካ ግን ቕድሚ ሕጂ ጀሚርካዮ ዝነበርካ ወይ ትሓስበሉ ዝነበርካ ዓይነት ስራህ እንተኾነ ይምረጽ። ትምህርቲ ክትቀስም ድማ ናብ ኮሌጅ ወይ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ክትሳተር ትእኽል። ንዝተፈልለይ ስራሕ ኣየናይ ዓይነት ይምረጽ ንምፍልጥ ጋዘጣ ከተንብብ ወይ ኢንተርነት ክትርእይ ትኽእል። ነዚ ዘሎ ስራሕ ምስ ክእለትካ ምስ አወዳደርካ ድም ማእዝንካ ክትፈልጥ ትኽእል።



Produced for advice-resources by RAGU, London Metropolitan University, July 2006. Last updated: Sept. 2008.

## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

ንመስርሕ ምርግጋጽ ብቕዓት ክትፍጽም እንተደሊኻ፡ ጽቡቕ ገርካ ብዛዕባ እዚ መስርሕ መጽናዕቲ ክትገብር ይግባእ። ነዚ ክትገብር ድማ እዞም ዝተዘርዘሩ መርበብ ሓበሬታት ጠቓምቲ እዮም።

**ሓፈሻዊ መርበብ ሓበሬታታት፡**

- www.prospects.ac.uk
- www.get.hobsons.co.uk

**መርበብ ሓበሬታት ንናይ ጥዕና በዓል ሞያተኛታት**

- www.rose.nhs.uk
- www.bma.org.uk
- http://www.rcn.org.uk/

**መርበብ ሓበሬታት መመሃራን**

- www.gtce.org.uk
- www.refugeesintoteaching.org.uk

**መርበብ ሓበሬታት መሃንዲሳት**

- www.olmec-ec.org.uk/main.cfm?Type=SF&MenuId=344

**መርበብ ሓበሬታት ሰራሕተኛታታ ማሕበራዊ ጉዳያት**

- www.gscc.org.uk

**መርበብ ሓበሬታ ወለንተኛ ናይ መጥባሕቲ ሓካይም**

- www.rcvs.org.uk

**መርበብ ሓበሬታ ናይ ሕጊ በዓል ሞያታት**

- http://lawsociety.org.uk

**መርበብ ሓበሬታ አርክተክቸር በዓል ሞያተኛታት**

- www.arb.org.uk/registration/index.shtml

ADVICE RESOURCES

# ጠቓምቲ ኣድራሻታት

## መምርሒ ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን



### ናይ ስደተኛ ወኪላት

**Refugee Council**
www.refugeecouncil.org.uk
240-250 Ferndale Road
London SW9 8DB
020 7346 6700
Advice Line: 020 7346 6777

**Welsh Refugee Council**
www.welshrefugeecouncil.org.uk
Phoenix House
389 Newport Road
Cardiff CF24 1TP
029 2048 9800

**Refugee Action**
www.refugee-action.org.uk
The Old Fire Station
150 Waterloo Road
London SE1 8SB
020 7654 7700

**RAGU (Refugee Assessment and Guidance Unit)**
www.londonmet.ac.uk/ragu
London Metropolitan University
The Learning Centre
236-250 Holloway Road
London N7 6PP
020 7133 2110

**Migrant Helpline**
www.migranthelpline.org.uk
The Rendezvous Building
Freight Service Approach Road, Eastern Docks
Dover CT16 1JA
01304 203977

**Education Action**
www.education-action.org
1-3 Dufferin Street
London EC1Y 8 NA
020 7426 5801

**North of England Refugee Service (NERS)**
www.refugee.org.uk
2 Jesmond Road West
Newcastle upon Tyne NE2 4PQ
0191 245 7311

**Refugee Women's Association (RWA)**
www.refugeewomen.org.uk
Print House
18 Ashwin Street
London E8 3DL
020 7923 2412

**Council for Assisting Refugee Academics (CARA)**
www.academic-refugees.org
London South Bank University
Technopark
90 London Road
London SE1 6LN
020 7021 0880

**Employability Forum**
www.employabilityforum.co.uk
2 Downstream
1 London Bridge
London SE1 9BG
020 7785 6270

**Refugees Into Jobs**
www.brent.gov.uk
Policy & Regeneration Unit
3-7 Lincoln Parade
Preston Road
Wembley
Middx HA9 8UA
020 8937 1234

## ናይ ምኽሪ መርከቢ መርበብ ሓበሬታታት

**Citizens Advice Bureau (CAB)**
www.advice-guide.org.uk

**learndirect**
www.learndirect-advice.co.uk

**Directgov**
www.direct.gov.uk

**Refugee Access**
www.refugeeaccess.info

**Multikulti**
www.multikulti.org.uk

**Refugee Council**
http://languages.refugeecouncil.org.uk

**Education Action**
www.education-action.org/advice

## ቋንቋ እንግሊዝ መምሃሪ

**BBC**
www.bbc.co.uk/skillswise
www.bbc.co.uk/worldservice/learningenglish

**British Council**
www.learnenglish.org.uk

**English club**
www.englishclub.com

**English Page**
www.englishpage.com

**English space**
www.englishspace.ort.org

**IELTS**
www.ielts.org

**Many Things**
www.manythings.org

**Using English for Academic Purposes**
www.uefap.com

## ንስራሕ ዝምልከት

**Job Centre Plus**
www.jobcentreplus.gov.uk
Jobseeker Direct: 0845 6060 234

**Hobsons**
www.get.hobsons.co.uk

**Directgov**
http://jobseekers.direct.gov.uk

**Monster**
http://content.monster.co.uk/

**learndirect**
www.learndirect-advice.co.uk
0800 100 900

**Business Link**
www.businesslink.gov.uk

**Prospects**
www.prospects.ac.uk

**Guardian Jobs**
http://jobs.guardian.co.uk

## ንትምህርቲ ዝምልከት

| | |
|---|---|
| **Parents Centre**<br>www.parentscentre.gov.uk | **Aim Higher**<br>www.aimhigher.ac.uk |
| **Learning and Skills Council**<br>www.lsc.gov.uk | **Higher Education and Research Opportunities**<br>www.hero.ac.uk |
| **Hotcourses**<br>www.hotcourses.com | **UCAS**<br>www.ucas.com<br>0870 1122211 |
| **Department for Education and Skills**<br>www.dfes.gov.uk | **Educational Grants Advisory Service (EGAS)**<br>www.egas-online.org.uk |
| **Education Advice Centre**<br>www.ace-ed.org.uk<br>0808 800 5793 (advice line) | **Department for Children, Schools and Families**<br>www.dcsf.gov.uk/index.htm |

## ንጥዕና ዝምልከት

| | |
|---|---|
| **National Health Service**<br>www.nhs.uk | **Health for Asylum Seekers and Refugees Portal (HARP)**<br>www.harpweb.org.uk |
| **NHS Direct**<br>www.nhsdirect.nhs.uk<br>0845 4647 | **Medical Foundation for the Care of Victims of Torture**<br>www.torturecare.org.uk<br>111 Isledon Road<br>London N7 7JW<br>0207 697 7777 |

## ንመንበሪ ኣባይቲ ዝምልከት

| | |
|---|---|
| **Shelter**<br>0808 800 4444 (8am to midnight)<br>http://england.shelter.org.uk | **Refugee Support**<br>www.refugeesupport.org.uk<br>MHT House<br>Crescent Lane<br>London SW4 9RS<br>0207 501 2200 |

## ንወለንተኛታት ዝምልከት

| | |
|---|---|
| **Volunteering England**<br>www.volunteering.org.uk<br>Regents Wharf<br>8 All Saints Street<br>London N1 9RL<br>0845 305 6979 | **Time Bank**<br>www.timebank.org.uk<br>0845 456 1668 |
| **Jobs in Charities**<br>www.jobsincharities.co.uk | **Charity Job**<br>www.charityjob.co.uk |
| **Do-it**<br>www.do-it.org.uk | **Criminal Records Bureau**<br>www.crb.gov.uk<br>0870 90 90 811 (general enquiries) |

## ንኢምግሬሽን ዝምልከት

| | |
|---|---|
| **NASS (National Asylum Support Service)**<br>www.asylumsupport.info/nass.htm<br>0845 602 1739 | **Joint Council for the Welfare of Immigrants (JCWI)**<br>www.jcwi.org.uk<br>0207 251 8706 (Advice Line) |
| **Home Office IND – UK Border Agency**<br>www.ind.homeoffice.gov.uk<br>0870 606 7766 | **Bail for Immigration Detainees (BID)**<br>www.biduk.org<br>0207 247 3590 |
| **Refugee Legal Centre**<br>www.refugee-legal-centre.org.uk<br>153-157 Commercial Road<br>London E1 2DA<br>0207 780 3220 | **Law Centres**<br>www.lawcentres.org.uk<br>0207 387 8570 |
| **Asylum Aid**<br>www.asylumaid.org.uk<br>28 Commercial Street<br>London E1 6LS<br>0207 377 5123 | **NCADC**<br>www.ncadc.org.uk<br>0121 554 6947 |
| **Immigration Advisory Service**<br>www.iasuk.org<br>0207 967 1200 (Advice Line) | **British Red Cross**<br>www.redcross.org.uk<br>Tel: 0870 170 7000 |



Produced for advice-resources by RAGU, London Metropolitan University, July 2006. Last updated: Sept. 2008.

ADVICE RESOURCES

# ትርጉም ናይ ሓደስቲ ቃላት

## መምርሒ ንስደተኛታትን ደለይቲ ዑቕባን



APEL – Assessment of Prior Experiential Learning

ARC – Application Registration Card (ንደልይቲ ዑቕባ ዝወሃብ)

Asylum seeker – ናይ ዑቕባ ሕቶ መልሲ ዝጽበ ሰብ

CRB – Criminal Records Bureau

CV – Curriculum Vitae

DL – Discretionary Leave to Remain

ELE – Exceptional Leave to Enter

ELR – Exceptional Leave to Remain

EMA – Education Maintenance Allowance

ESOL – English for Speakers of Other Languages

FE – Further Education

GCSE – General Certificate of Secondary Education

HE – Higher Education

HND/HNC – Higher National Diploma/ Higher National Certificate

HP – Humanitarian Protection

IAG – Information Advice and Guidance

IELTS – International English Language Testing System

ILR – Indefinite Leave to Remain



Produced for advice-resources by RAGU, London Metropolitan University, July 2006. Last updated: Sept. 2008.

IT / ICT – Information Technology / Information and Communication Technology

LEA – Local Education Authority

NARIC – National Recognition Information Centre

NASS – National Asylum Support Service

NHS – National Health Service

NINO – National Insurance number

NRP – National Reference Point

NVQ – National Vocational Qualification

Portfolio – **ፖርቶፎልዮ ዝበሃል፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት እንታይ ከምገበርካ ዘረጋግጹ ሰነዳትን መርትዖታትን ዝሓዘ ሰነድ እዩ።**

Prospectus – **ማለት ናይ ኮሌጃት ወይ ዩኒቨርሲቲታት ናይ ዝህብዎ ዓይነት ናይ ትምህርቲ ኮርሳት ዝሓዘ ካታሎግ እዩ።**

RAGU – Refugee Assessment and Guidance Unit

Refugee status – **እዚ ማለት መንግስቲ ነቶም ዝተቐበሎም ስደተኛታት ዝህበቦም ወረቐት ኢምግሬሽን እዩ።**

RCO – Refugee Community Organisation

UCAS – Universities and Colleges Admissions Service

WBLA – Work Based Learning for Adults



Produced for advice-resources by RAGU, London Metropolitan University, July 2006. Last updated: Sept. 2008.

ADVICE RESOURCES

www.advice-resources.co.uk

EUROPEAN UNION
European Social Fund

Equal

EASI
Empowering Asylum Seekers to Integrate

PRESTO

LONDON metropolitan university

The Empowering Asylum Seekers to Integrate (EASI) Development Partnership and the Partnership for Refugee Employment Through Support, Training and Online Learning (PRESTO) Development Partnership are part funded by the European Social Fund under the Equal Community Initiative Programme.